
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.308 ቀዳም 24 ነሓሰ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ



ገጽ 3
ኣብ ቀጽሪ ኤስክፖ


ገጽ 4
72 ሰዓታት


ገጽ 6
ምሕደራ ፍልጠት


ገጽ 11

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ጸባሕ ክዛዘም እዩ

# ደቡብ - ኣመሓዳሪ ዞባ፡ ዘራእቲ ዕቱብ ምክትታል ክግበረሉ የዘኻኽር

ህጡር ክራማት ለምዘበን ርቡሕ እቶት ምእንቲ ክርከቡ ኩሉን ምምሕዳራት ብሓፈሻ ሓረስቶት ከኣ ብፍላይ ኩነታት





ዘራእቶም ብግቡእ ክከታተሉ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣዘኻኺሩ።

መንፈቓዊ መደብ ስራሕ ዞባ ንምግምጋም ብ20 ነሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ - ኣቶ ሃብተኣብ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝናብ ኣዘመራ ወሒዱ እኳ እንተነበረ፡ ካብ ወርሒ ሓምለ ብዘተረኽበ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎ ዝናብ ግን - ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ክሳብ ኣብ ቆፎኦ ዝኣቱ ቀጻሊ ክትትልን ክንክንን ክግበረሉ ተላቢዩ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ክፍልታት ምምሕዳር ዞባን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ብዝተወጠኑ ስፊሕ መደባት ምፍዋስ ማይ-ኮዖታት፡ ከምኡ'ውን ምህናጽን ምጽጋንን ጽርግያታት ዘጠቓልል ንጥፈታት ከምእተዓመ፡ ኣብ 8 ዓድታት ፕሮጀክትታት ዝስተ ማይ ንምትእትታው ካብ ዝተኻየደ ስራሓት ድማ - እቲ ሰለስተ ክዛዘም እንከሎ፡ ዝተረፈ ኣብ ምስርሕ ከምዝርከብ ገሊጾም።

ሕርሻዊ እቶት ንምድንፋዕ ብዘወጽአ መደብ ማሰረት፡ ምሩጻት ኣዝርእቲ ስርናይ፡ ድንሽ፡ ዕፉን፡ ዓተርን ሰገምን፡ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ደረቕን ፈሳስን ድኹዒ ንሓረስቶት ከምእተዓደለ እውን ተገሊጹ።

መደብ ምግራብ ንምድንፋዕ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ 13 መደበራት 2.2 ሚልዮን ፈልሲታት ተዳልዩ ንገረብቲ ከምእተዓደለ፡ ሕማማት እንስሳ ንምቍጽጻር ድማ፡ ኣብ ማስርሕ ምፍዋስን ምግታእን ሕማማት ኣብርክቶ ዝገብር መድሃኒታትን መሳርሒታን ንንኡሳን ዞባታት ከምእተመቓርሐ በሪሁ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ምምሕዳራት ኣብ ምእካብ ግብሪ ዝጸንሐን ጉድለታት ኣለልዮን ክፍውሱ፡ ሓረስቶት ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ሕርሻ ንክኽተሉ ኣድላዪ ደገፋት ክግበር፡ ብደረጃ ኮም ዝተፈደ ንጥፈታት ምግራብ ንምትብባዕ ስጉምቲ ክውሰድ ኣተሓሳሲቡ።

## ዓዲ-ቐይሕ - ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት ብግቡእ ክዕቀቡ ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕሽሞሉ፡ ማእለውያ፡ ተኾንዳዕን ቈሓይቶን ዝርከቡ ቅርሲታት ድማ ብፍላይ ኣብ ምዕቃቡ፡ ሕብረተሰብን ዝምልከቶም ኣካላትን ብውህደት ክሰርሑ ተሓቲቱ።

ወከል ቤት-ማዘክር ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኢብራሂም ዑመር፡ ታሪኻዊ ኣገዳስነት ናይ'ቶም ስራሓት ካይላን ኣሰራዚኑ፡ ፍርስራስ ህንጻታት፡ ሓጽብታት፡ ዒላታት፡ ጽሑፋትን ካልእን ዝርከቦ ቅርሲታትን ታሪኻዊ ቦታታትን ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ህልው ወለዶ ክምሃረሉን ናብ ዝመጽእ ወለዶታት ብግቡእ ክሰጋገርን ምእንቲ፡ ክንክንን ሓለዋን ክግበረሉ ተላቢዩ።

ካብ 7ይ ክፍለ-ዘመን ቅድሚ ል.ክ. ጽቡቕ ዕቡየት ዘመዝገበት፡ ካብ ጽፍሒ-ባሕሪ 2,600 ሜትሮ ብራኸ ዘለዋን ኣብ 17 ብ4 ኪሎ-ሜተር እትዝርጋሕን ቈሓይቶ፡ ካብ ዓዲ-ቐይሕ ንሸነኽ ምብራቕ 15 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ኲዩና፡ ኣስታት 750 ዝተፈላለዩ ኣሰራት ስነ-ጥንቲ ከምዝርከቡ፡ ብሃገራዊ ቤት-ማዘክር ኤርትራ ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ የረድእ።

## ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ዝወደቦ ስልጠናን ምሕደራ ተዛዚሙ

ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ምስ ዞባዊ ውድብ 'ርእሰ-ትካላት ኦዲት ኣፍሪቃ ተዛረብቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ' (ኣፍሮሳይ-ኢ) ብምትሕብባር፡ ካብ 19 ነሓሰ ጀሚሩ ንላዕለዎትን ማእከሎትን ሓለፍቲ ክህቦ ዝቐጸለ ስልጠና ምሕደራን መረሐኻትን፡ ትማሊ 23 ነሓሰ ተዛዚሙ።

ጠቕላሊ ኦዲተር ኣቶ ገረዝጊሄር ገብረመድህን፡ እቲ ትምህርቲ ኩለንተናዊ ሞያዊ ብቕዓት ቤት-ጽሕፈቶም ከዕዝዝ ዝሕግዝ፡ ሰልጠንቲ ዝደለብዎ ፍልጠት ኣብ ግብራዊ ስራሕ ከተግብርዎን ንብጾቶም ከካፍልዎን ብምሕባር፡ ስልጠንቲ ዝደለብዎ ፍልጠት ኣብ ግብራዊ ስራሕ ከንጸባርቕዎን ንብጾቶም ከካፍልዎን



ትጽቢት ከምዘሎም ኣተሓሳሲቡ።

ነቲ ስልጠና ክመርሑ ዝቐጸሉ ክኢላታት ዞባዊ ውድብ 'ርእሰ-ትካላት ኦዲት ኣፍሪቃ ተዛረብቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ' - ሚስተር ጎደን ካንዶርን ሚስ ዊልና ደግናርን፡ ኣብ'ዚ ኣብ ብቕዓት ስራሕ፡ ምብህዛል፡ መትከላውነትን ስምምዕን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መሪሕነት ዘተኩረ ትምህርቲ፡ ተሳተፍቲ ንዝርኣይዎ ንጡፍ ተራ ንኢዶም።

ኣብ መጻኢ፡ ተመሳሳሊ መደባት ክስርሓሉ ከምዝኾኑ እውን ኣዘኻኺሮም።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ፍልጠት ንርድኢቶም ዘስፍሕን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ሓጊዙን ምዃኑ ብምሕባር፡ ዓቕሚ ኣባላት ዘፍትሽን ዘማዕብልን ስልጠናታት ክበዝሑ ኣገዳስነቱ ክውደብ ተላብዮም።

'ርእሰ-ትካላት ኦዲት ተዛረብቲ ቋንቋ እንግሊዝ - 'ኣፍሮሳይ - ኢ'፡ ኤርትራ እትርከበን 26 ሃገራት ይሓቁፍ።

# ስነ-ቁጠባ

## ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

8ይ ክፋል

ኖርያም የማነ

ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

*“ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ” (Re-inventing Africa’s Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዱኢ. ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ዝተጻሕፈት ኮይና፡ ሓደገኛ መግዛእቲን ሕሰም ኣፍሪቃን፣ መሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረጽዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንጋይ ዝጠፍኡ መላግቦታት ልምዓትን ትምህርቲን፣ ተመክሮ ልምዓት ኮርያ ዝብሉ ኣርእስተ ሓሳባት እትትንትን እያ።*


**ኣፍሪቃ ዝተረጽዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ዝጠፍኡ መላግቦታት፡-**

ልምዓት ኣብ ውሽጥኻ ከም ዝሰርጽ ምግባር

ዝበዝሓ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ናጽነተን ካብ ዝረኸባ 50 ዓመት ኣሕሊፈን ስለዘለዋ ዕማም ምህናጽ ሃገር ኣብዚ ሕጂ እዋን ክውድእኦ ነይረን ኢልካ ክሕሰብ ይከኣል እዩ። ብዮዝበሪ ግን ኣብ መንነቲ ስሞዊ ናይ ኣፍሪቃ ሕጋዊ፡ ፖለቲካዊን ቀጠባውን ትካላትን ግብራዊ ስርሑን ዒቢ ዘይምምጣጣን ኣሎ። እዚ ድማ ወጻኢት ዋንኡት ዘይምህላውን ንልምዓት ኣብ ውሽጥኻ ከተሰርጾ ዘይምኽኣልን እዩ። እዚ ኣጠማምታ'ዚ ኣፍሪቃውያን ምሁራት ዝኣፈልዎ ሓቂ እዩ።

ህዝቢ ኣተሓሳስባ ልምዓት ኣብ ውሽጡ ‘ክሰርጽ’ (ከም ውልቀሰብ ብዙሓ ልምዓት መረዳእታ ክህልዎ) ቅድሚ ምኽኣሉ፡ ብደረጃ ሃገር ብዙሓ ልምዓት ሓደ ዓይነት ራእይ ወይ ትልሚ ከምዝሀሉ ምግባር የድሊ። ምኽንያቱ ካብ መራሕነት፡ ተኣማንነት፡ ብቕዓት… ወዘተ ዝምንጩ `ሞራላዊ ስልጣን’ መንግስቲ፡ ህዝቢ ብዋጥፊት ንዘብጽሖ መንግስቲ ክርዕም ኣብ ምትብባዕ ወሳኒ እዩ። ብርግጽ ምቛም ሃገራዊ ናይ ሓባር መረዳእታን ሓድነትን ዒቢ ድርኺት ንልምዓት እዩ። ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ከምዝምስክርዎ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ሃገራዊ መንነት፡ ስምዒት ሃገራውነትን ሓርበኝነትን ብተኸማዲ ድኹምን ላንጋላንጋን እዩ። እዚ ቀጠባውን ፖለቲካውን ጸቕጥታት ኪጋጥም ይኽእል እዩ።

ንፖለቲካዊ ስርዓት ብዝምልከት፡ እቲ መለለዪ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዝኾነ ’ዝተኣዋቐለ ስርዓት’ ዘይዕወት ልምዓት” ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ምስ ናይ ካልኦ ክፋል ዓለምና ብፍላይ ምስ ምብራቕ እስያ ብምውድዳር ኣድማዒ ዘይኮነ ዝብል ሕቶ፡ እቲ ኣፍሪቃ ቀጻምት እትብሎ ወይ እትሰርያ ጌጋ ስለዝኾነ እዩ።




ድኽመት'ዚ ሕመቕ መግለጺ ተላዒሉ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ልምዓት ንምድፋእ ዓንቂፍወን ዘሎ እዩ። ከም ወጽኢቱ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ንዓሰርተታት ዓመታት ዘቖናኦ ግዜ ናጽነተን ምስሉይ ጉዕዞ ልምዓትን፡ ከምቲ ብዙሓ ምርጫ፡ ደሞክራሲን ቀጠባዊ ክፋትነትን ብዙሕ ዘይጥቀስ ኮይኑ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገርን ዘመናውነትን ዘሎ ድኻም እዩ።

ሓደ ህቡብ ኣበሃህላ ኣሎ፡ ድኽነት ናብ ዝስዕብ ወለዶ ክሰግር የብሉን። እዚ ንክኸውን ከኣ ዕማም ልምዓት ብሃገራት ኣፍሪቃ ብዕቱብ ክተሓዝ ኣለዎ። ምኽንያቱ ብርግጽ ክትግምቶ ዘይትኽእል ሳዕቤን ኣለዎ። ብሰንኩ ከቢድ ማሕበራዊ ምኽኑ ተረጋጊጹ እዩ። መፍትሒ ክናደየሉ ከኣ ኣለዎ። እቲ ንወግዒ ሲቪላዊ ደሞክራሲያዊ መንግስትን ርእሲ ውልቀ-መላኽነትን ዝጸንበር ናይ ኣፍሪቃ ዝተኣዋቐለ ስርዓተ መንግስቲ፡ ዘቤታዊ ጠለብ ንምምላእ ካብ ምዕራባዊ ዓለም ዝተረዓመ እዩ። እቲ ጸገም፡ እዚ ከምዚ ዓይነት ስርዓት ደሞክራሲያዊ ኣይኮነ ለዋጢ ዘምጽእ ኣይኮነ ንግዚኡ ጥራይ ዝኸውን ነገራት ከምዝለዎ ሒዙካ ናይ ምቕጻል ባህሪ እዩ። እዚ ዓይነት መንግስቲ ምስ ጸገማት መሪጹ ደሞክራሲ ብሓባር፡ ኣብ ክንዲ ግዜያዊ ጸገም ኣብ ኣፍሪቃ ቀዋሚ ዝኾነ'ዩ ዝመስል።

ኣሉታዊ ሽኸክ ናይዚ ስርዓት'ዚ፡ እቲ ህዝባዊ ጠለብ ብዘውሓደ ደረጃ ክዕገብ እንከሎ ኑፁም ሰብ ፍሉይ ረብሓ ጉጅለታት ኣመና ዘርብሕ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ኩነታት ከም ዘለዎ ክቕጽል ዘተባብዕ ምኻኑ እዩ። ስለዚ ኑፁም ፖለቲካውያን መራሕቲ ዝምእምእ ክኸውን ከሎ፡ ንሓፈሻዊ ልምዓታዊ ገስጋስ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ደቪድ በዝን ድያና ኮማክን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ወግዓዊ ደሞክራሲያዊ ትካላትን ህልዊ ክውንነት ኣፍሪቃን ዘሎ ጋግ ብኸምዚ ይጠቓለልዎ፡ “እቲ ናይ ደሞክራሲ ጸገም፡ ኣብቲ መብዝሕትኦን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘጸስተማቕርኦ ማሕበራውን ቀጠባውን ወጽኢት ዝምርኮስ እዩ”።

ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ ተመሳሲ ጉዕዞ ዝኸዳን ተመሳሲ ወጽኢት ዝሓፍሳ፡ ብኣጠቓላሊ ትርጉም ብዘለዎ መገዲን ንልምዓት ክቕልስኦ ክኽእላ ሃዲኦን ክሓስባ ኣለወን። ኣብዚ መዳይ'ዚ “ልምዓታዊ ኣተሓሳስባ ምስራጽ” ወሳኒ ዕማም እዩ። ኣብ መትሓብርዮ ሃገራት ጽልዋ ክህልዎም ዝኽእሉ ብዙሓት ተለዋወጥቲ ረቛሒታት (variable) ኣለዉ። ይኹንምበር ሃገራት ኣፍሪቃ ነቲ ናይ ደገን ናይ ውሽጢን ረቛሒታት ብልክዕ ክመምያ፡ እቲ ንሱ ዘለዎ ሰወር ትርጉም ክርድኣኦን ኣለወን። ስለምንታይ “መቓን ኦ'ቲ ናይ ደገ ረቛሒ ከም ‘ቀንዲ ወይ ዋና’፡ ኦ'ቲ ዘቤታዊ ድማ ከም “ካልኣዊ” ድሕሪት ብምስራዕ ስለትተኸናኸናም እዩ። ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዋላ'ኳ ብዙሓ ዋንኡት ጉዳየን ዝዘረባ እንተኾና ኩሉ ግዜ መግለጺን ፍታሕን ናይ ጉዳየን ካብ ኑቦሰን ዘይኮነ ካብ ደገየን ዝደልያ። ብዙሓት ሃገራት እስያ ብፍላይ ድማ ደቡብ ኮርያ ልምዓት ካብ ውሽጦኻ ከም ዝምንጩ ተረዲኤን ምስ ሓያል ሃገራዊ ስምዒትን ሓላፍነትን ዋንኡትን ዓጢቐን ንዕቡታማት ሃገራት ክረክባ ስጉምቲ ወሲደን እየን።

ደቡብ ኮርያ ምስቲ ዝበሩ ጸገማት ንናይ ደገ ረቛሒታት፡ ከም ሓደገኛ መግዛእቲ፡ ኩናት ኮርያ፡ ጆኦፖለቲካ፡ ጆኦግራፍያውን ባህርያውን ኩነታት ወዘተ። ከተመኽንየሉ ምኸኣለት ነይራ። ንልምዓት ብዙሕ ጻዕሪ ከይገበረት፡ ናይታ ሃገር መጻኢ ኣብ ኢድ ወጻኢተኛታት ወይ ደጋዊ ዲናሚክስት ገዲፋ ብናይ ወጻኢ ምጽወታ ክትነብር ምኸኣለት። እቲ ጉዳይ እዚ ኮይኑ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ኮርያ ፍጹም ኣዚ ሕጂ ተጓናጺፋቶ ዘላ ዓወት ዋላ'ውን ክትቀርቦ ኣይምኸኣለትን።

ስለዚ እቲ ቀንዲ ሕቶ ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዝምርኮስ እዩ። ክሳብ ክንደይ'ዩም መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ ልሂቃንን ህዝበን ለውጢ ክርእዩ ዝደልዩ? ፖለቲካውያን መራሕቲ እንታይ'ዩም ዝሓስቡ? ናይ ብሓቂ ልምዓት'ዶዩም ዘቶድሙ ወይስ ንንዞእ ርእሶም ሃብቲ ንምኽዕባት'ዩም ዚያዳ ዝግደሱ? ወይ ክሳብ ዝኽኣሉ ኣብ ስልጣን ምጽናሕ? ሓደ ብርግጽ ክፍለጥ ዘለዎ፡ እቲ ቅርጻዊ ለውጢ ዝሓትት ቁጠባዊ ዕብየትን ከለንተናዊ ሃገራዊ ልምዓትን ከም ወጽኢት ቴክኒካዊ ብልሓትን ምትእትታው ስርዓትን ጥራይ ክመጽእ ዘኽእል ዘይምኻኑ እዩ።

ኣብዚ ዞባ (ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ) ብሰፊሑ ዝርአ፣ መኣዝኑ ዝስሓተ ኣተሓሳስባ ኣሎ። ህዝቢ ናይ ምግባር ዓቕሚ የብሉን፣ ካብ ወጻኢተኛታት ሓገዝ ክረክብ ኣለዎ፣ ምኽንያቱ እቲ ዝድለ ዓቕሚ ይሓጽር እዩ ዝብል። ይኹን'ምበር ዓቕሚ ምጽእ ኢልካ ከም ክታብኡት ንሓደ ሰብ ወጊእካ ቅጽበታዊ ወጽኢት ዝምጽእ ኣይኮነን። ሓደ ክፋሉ “ፍልጠት” ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ክፋሉ ድማ ኣብ “ግብሪ ምውዓሉ” እዩ። እቲ ቀዳማይ ካብ ካልኦት ትረኽቦ (ቀዲሞም ዝማዕበሉ) እቲ ካልኣይ ግን ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጉዞእ ርእስኻ ዝምርኮስ እዩ። ወሳንነትን ግብራውነትን ዘይብሉ ፍልጠት፡ ፍልጠት ኮይኑ ጥራይ'ዩ ዝተርፍ። ናይ ምምሃር ድሌት እንተሎ ፍልጠትን ክእለትን ምድላብ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ እዩ። ኩሉም ኣብ ሓደ ግዜ ዝትግበሩ ኣይኮኑን፡ ነፍሲ-ወከፍ ልክዕ ከም መንደቕ በብዮዝኡ እናተሃንጸ ዝቒየብጥ እዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ሰብ ክእለትን ፍልጠትን ሒዙ ዝፍጠር ኣይኮነን፡ ብመስርሕ ዘኻዕብዮ እዩ።

ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንምምዕባል ትካላውን ሰብኣውን ዓቕሚ ዝምልከት መጽናዕታዊ ዑደታት፡ ኣኼባታት፡ ትምህርቲ፡ ባህላዊ ምልውዋጥ ወዘተ. ብስገስቲ ሃገራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ይውደብ እዩ። ይኹን'ምበር ኣፍሪቃውያን ኣዚ ዕድል'ዚ ንውልቃዊ ክእለቶምን ንሓባራዊ ምህናጽ ዓቕምን ከምቲ ዝድለ ኣይመዝመዝዎን።

ኤድሞንድ ፈልፕ፡ ኣብ 2006 ኣብ ዓውዲ ስነ-ቁጠባ ሽልማት ኖበል ዝወሰደ ከምዚ ይብል፡- “ቀጠባዊ ዕብየት ኣብ ባህርያት'ታ ሃገር ዝምርኮስ'ዩ”። እዚ መረዳእታ'ዚ እምበኣር እቲ “ዝተሳእነ መላግቦ” ልምዓት እንታይ ምኻኑ ከተለሊ የኽእለካ እዩ። ብኣረኣእያይ፡ እቲ ዝተሳእነ መላግቦ፡ ኣብዚም ዝስዕቡ ሰለስተ ባእታታት እዩ ዘሎ፡- (1) ስምዒት ሃገርነት ወይ ሃገራውነት፡ (2) ህላወ ‘ኩነተ ኣእምሮ ልምዓት’ (3) ሓያል ተራ መንግስቲ (ጥመር ፖሊሲ ኢንዱስትሪ፡ ቀዳምነታት ገጠራዊ ሕርሻዊ ልምዓት… ወዘተ።) ሃገራት ኣፍሪቃ ነዚን መላግቦታት ከውሕሳ እንተድኣ ኣንቂደን ብርግጽ ክዕወታ እየን።

ንሓቀኛ ክውንነት ከም ‘ሰፖንጠር’ ደሞክራሲ፡ ምርጫ፡ ጽልዋ ኢንተርነት/ማሕበራዊ ሚድያን ዓውለማን፡ ናይ መንግስታት ትኳቦ ከኣ ኣብ ግምት ከእትዎ ከድሊ እዩ። ምዕባለ ናይ ሓበሬታን መራኸቢታትን ቴክኖሎጂ፡ ምስ ቀጠባዊ ዓውለማ እንተላይ ንሂወት ኣፍሪቃውያን ዝጸልዉ እዮም። እዞም ነገራት'ዚኦም ህዝቢ ብዙሓ ዓለማዊ ኣመታት ንቕሓት ብምፍጣር ትጽቢት መጻኢኡ ዘዕበዩ እዮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነገራት ምስ ሕማም ጽግዕተኛነት ተደሚሮም ምስ ግዜ'ውን ምስ ናይ መንግስቲ ፖሊሲ ትኳቦ ኪጋደድ ዝኽእልን ንናይ ህዝቢ ጠለብ ብቐጻሊ ዘዕቢን ሃዋሁ የተባብዑ። ነቲ ጠለብ ምምላእ ከኣ ዘይዘላቒ ይኸውን። እቲ ሰፖንጠርነት ፖለቲካውያን መራሕትን ሰራሕተኛታት መንግስትን በቲ ዘለዎም ጸጋታት ንናይ ህዝቢ ጠለባት ክማልኡ እናተቓለሱ ከለዉ፡ እቲ ህዝቢ ግን ሓላፍነታውን ኣፍራይን ኣይኮነን። መንግስታት ኣፍሪቃ እቲ ዝድለ መንግስታዊ ኣገልግሎት ንህዝቢ ኣብ ምቕራብ ብቑዓት ምስ ዘይኮኑ'ውን ነቲ ቀጠብ ብሕማቕ ምስ ዘማሕድርዎን ድማ ማሕበራዊ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊኦም እናዓበየ ክኸይድ ግድነት እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፈልማዊት መዓሾ

# ኣብ ቀጽሪ ኤስክፖ

## ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!’

ቀዳማይ ክፋል

ካብ 10 ክሳብ 18 ነሓሰ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024 ምክያዱ ዝዝከር ኩይኑ፡ ኣብ’ቲ ቀጽሪ ድማ ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ-ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማሕደኤ) ብባህርያዊ ፍርያት ናይ ዘዳለውኦ ቀመማት መግብን ካልእን ንምርኢት ኣቕሪበን ነይረን። ናብ’ቲ ቦታ ዘወር ኣብ ዝበልናሉ፡ ንገለ ካብ’ተን ኣባላት ብዛዕባ’ቲ ሒዘናኦ ዝቐረባ ፍርያት መብርሂ ክህባና ተወኪሰናየን ነይርና - ቀዳማይ ክፋል ትሕዝቶኡ ይስዕብ።




ፈለማ ዝተወከሰናያ፡ ኣባል ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ወ/ሮ ለተኺዳን ከሕሳይ እያ። ብኣጋጣሚ ፌስቲቫል 2024 ድማ፡ ከም ኵለን ኣብ’ዚ ፌስቲቫል ተሳቲፈን ዘለዋ ትካላት፡ ንፍርያተን ዝገልጽ ምርኢት ሒዘን ቀሪበን ከምዘለዋ ሓቢራትና። ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኰይነን፡ ፍርያተን ምስ ህዝቢ ዘላልያሉ ዓቢ ቦታ ምርካበን ከኣ፡ ዓቢ ዓወት ምዃኑ ተብርህ። ነቲ ብኣቀራርባኡን ኣደላልዋኡን ፍልይ ዝበለ ፍርያት መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ዘቕረባኦ ቀመማት መግብን ካልእን፡ ህዝቢ ብጽቡቕ እናተዓዘበ ይዕድገለንን የተባብዐንን ከምዘሎ ከኣ ኣረዲኣትና።



ወ/ሮ ለተኺዳን ከሕሳይ

ቀጺላ ርእይቶ ዝሃበትና ኣፍራዪት መዓር ወ/ሮ ጽገ ግርማይ እውን ፍርያታ ሒዛ ዝቐረበት’ያ። ንሳ ነዚ መዓር ምስ በዓል ቤታ ኰይና ከም እተፍርዮ’ያ ትሕብር። ኣብ’ዚ ምርኢት ናይ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024 ከኣ፡ ኣብ ባሕሪ ዝፈረየ ክልተ ዓይነት መዓር እያ ኣቕሪባ። እቲ መዓር ሓደ ናይ ጭዓ ሓደ ድማ ናይ ቀንጠብ ቀይሕ መዓር እዩ። ወ/ሮ ጽገ፡ ሓዳስ ኣባል ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ኰይና፡ ኣብ’ዚ



ወ/ሮ ጽገ ግርማይ

ማሕበር ተጠርኒፋ ምስ ብጾታ ኣብ’ዚ ምርኢት ፍርያታ ሒዛ ምቕራባ ኣመና ከምዘሐጐሳን ከም ዓቢ ዕድል ከምእትጥምቶን ተብርህ። ኣብ ኤክስፖ ፍርያታ ንህዝቢ ከተቕርብ’ውን ናይ ፈለማ ግዜኣ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ንፍርያታ ብጽቡቕ እናተዓዘበ ከም ዝገዝኣላን ከም ዘተባብዓን ትሕብር።

ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋማርያም’ውን ኣፍራዪት ንህቢ ኰይና፡ ብመዓር ገይራ ሓንፈጽ ብሸኮቲ ተዳሉ። እዚ ማለት፡ ስርናይን ስገምን ገይራ’ያ ነቲ ሓንፈጽ ብሸኮቲ ተዳልዎ። “ከም እንፈልጦ፡ ስርናይን ስገምን ንጥዕናና ጽቡቕ መኣዛ ዘለዎም ኣእካል’ዮም። እዚ ኣነ ኣዳልየዮ ዘለኹ ሓንፈጽ ብሸኮቲ ድማ፡ ከም’ቲ ኣደታትና ዘዳልዋኦ ቅጫ ሓንፈጽ ማለት እዩ። ካብ’ዚ ተበጊሰ ከኣ፡ ኣነ ሓንፈጽ ብሸኮቲ ከዳሊ ክኢለ። ዕላማይ፡ ህዝብና ካብ ብሸኮቲ ፊኖ ወጺኡ ጥዕና ዘለዎ መግቢ ንኽምገብን ዕድሚኡ ንኽውሰኽን እዩ። ምስኡ’ውን ደቅና መዓር ክምገቡ ከለዉ፡ ጥዑይ ኣካላትን



ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋማርያም

ኣእምሮን ይውንኑ። ስለዚ፡ ህዝብና ካብ’ዚ ባህርያዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ኣነን ብጾተይን እነዳልዎ መኣዛዊ መግቢ ተረባሕቲ ክኾኑ በዚ ኣጋጣሚ እላቦ” ክትብል ገሊጻልትና።

“ኣብ’ዚ ምርኢት ፌስቲቫል ሒዘዮ ቀሪበ ዘለኹ ባዕለይ ዝዓምበብክዎ ዕምባባ መሽላ’ዩ። ቡን ኰነ ሻሂ ኣብ እንቕርበሉ ግዜ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ዕምባባ ኣመሪካ ኢና ከም ቍርሲ ቡን እንቕርብ። እዚ ኸኣ፡ ዘይቲ ዝበዝሖ ስለ ዝኾነ፡ ንጥዕናና ኰነ ንጥዕና ደቅና ሃሳዪ እዩ። ኣነ ግን፡ ካብ መሽላ ዝዳሎ ዕምባባ’የ ኣቕሪበ ዘለኹ። መሽላ ድማ ኣብ ዓድና ዝፈሪ እኽሊ እዩ፣ ንዕኡ ኣብ ማይ ኣፈኽፊኽና ድማ ኣብ መንከሽከሽ ቀሊና ከም ቍርሲ ቡን ወይ ሻሂ ንቕርቦ። ካብ ዘይቲ ናጻ ምዃኑ ከኣ ረብሓ ኣለዎ። ምስኡ’ውን እንተ ደሊና፡ ዓተር፡ ፉል ክንውስኸሉ ንኽእል። ብኸምዚ ከኣ፡ ኣብ ዓድና ዝፈረየን ካብ ዘየድሊ ቀመማት ናጻ ዝኾነን መሽላ ተጠቒምና፡ ጥዕና ዝህብ ቀሎ ከነዳሉ ንኽእል።” ክትብል ምስ’ቲ ሒዛቶ ዝቐረበት ፍርያት ዘላልያትና ወ/ሮ ዘቢብ እያሱ እያ።



ወ/ሮ ዘቢብ እያሱ

ምስ መዓር ዝተኣሳሰር ዝተፈላለየ ፍርያት ዘቕረበት ድማ ሓረስታይ ኤልሳ በርሀ እያ። ወ/ሮ ኤልሳ ሒዛቶ ዝቐረበት ፍርያት መዓር፡ ኣብ ከባቢ ሞልቋ ዝተበርበረ ኰይኑ፡ ካብ ሸቦታ ዝተባህለ ገረብ ዝስራሕ’ዩ። ነዚ ከተዳሉ ዝተደረኸትሉ ምኽንያት ከኣ፡ ንደቅና ኣብ ክንዲ ፒናት፡ ሜልሜላታ፡ ኑቴላን ካልእ ዝልከ ዕሹግ መግቢን ኣብ ባኒ ለኺና እንህቦም፡ ዝተፈላለዩ ፍርያትና ምስ መዓር ለኺና ክንህቦም



ወ/ሮ ኤልሳ በርሀ

ንምትብባዕ ከም ዝኾነ ተብርህ። እዚ ኸኣ፡ ንጥዕናና ኣዝዩ ኣገዳስን ጠቓምን ምዃኑ ትገልጽ። ብተወሳኺ፡ ካብ መዓርን ሰምዒን ዝተዳለወ ቻፕስቲክ ኣዳልያ ኣብ’ቲ ምርኢት ኣቕሪባ ኔራ። እዚ ድማ፡ ከሚካ ዘይብሉን ባህርያውን ብምዃኑ፡ ጥዕናና ጽቡቕ ከምዝኾነ ተገልጽ። “ብወገነይ፡ ኣብ ክንዲ ዘይንፈልጦ ከሚካዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ዝልከ ዕሹግ መግቢ ንጥቀም፡ ኣብ ዓድና ዝፈርየ ባህርያዊን ሳዕቤን ዘይብሉን ክንጥቀም’የ ዝላቦ” ዝበለትና ወ/ሮ ኤልሳ፡ ናይ ገጽ ክሬም ኣዳልያ’ውን ኣቕሪባ ኣላ። እዚ ክሬም’ዚ፡ ካብ መዓር፡ ቃርፋ፡ ዘይቲ፡ ስምስም፡ ለሚንን ሰምዒን እዩ ተዳልዩ ዘሎ። እዚ ምስ እንጥቀመሉ ከኣ፡ ገጽና ይጸሪ፡ ልሙጽን ብርሁን ይገብረና። ቅርጥማትን ውግኣትን ክገብረልና ከሎ ከምኡ’ውን ቈልዑ ሰዓል ክሕዞም እንከሎ፡ ክንጥቀመሉ’ውን ከም እንኽእል ተብርህ። ስለዚ፡ ነዚ ካብ ደገ ዝመጽእ መመላኽዒ ኰነ መጸባበቒ ኮስሞቲክስ ገዲፍና፡ ካብ ከሚካ ናጻ ዝኾነ ፍርያት ዓድና ክሬም ክንጥቀም ተላቢያ።

ይቕጽል...

ፍናን ተኽለ





ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# 72 ሰዓታት



ኣማኻሪት፤ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊ፤ ሄለው ከመይ ውዒልኪ. ዮራም እብሃል።

ኣማኻሪት፤ ዮራም ከመይ ውዒልካ? ዕድሜኻን ትድውለሉ ዘለኻ ቦታንዶ ክትነግረኒ?

ደዋሊ፤ ዕድመይ 26 ኮይኑ ካብ ደቀምሓረ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፤ ዮራም እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ትማሊ ምስ ኣዕሩኽተይ እናዕለልና ከለና፡ ብዛዕባ እዛ ናይ 72 ሰዓታት ድሕሪ ፍኑው ጾታዊ ርኽብ ትውሰድ መኸላኸሊ ዘረባ ጀሚርና። ብዛዕባ እዛ መከላኸሊ፡ ሓደ ካብና እዩ ብዓብላልነት ዝዛረብ ነይሩ። እቶም ዝተረፍና ግን ገሌና ፍጹም ሰሚዕናያ'ውን ዘይንፈልጥ ክንከውን ከለና፡ ገለ ካባና ኸኣ ንሽሙ ጥራይ ንፈልጦ ኢና። ወዮ ዓርክና ግን ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጣ እዩ ዝመስል።

ኣማኻሪት፤ እስከ ገለ ካብቲ ዘካፈለኩም ኣፍልጥኡ ወስ ኣብለለይ።

ደዋሊ፤ እታ መከላኸሊ መርፍእ ኮይና፡ ን72 ሰዓታት ትውሰድ ምኳናን ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ከም ዝወስድኣን እዩ ዘዕልለና ነይሩ።

ኣማኻሪት፤ ቀጽል ዮራም፣ ካልእከ እንታይ በለ?

ደዋሊ፤ እቲ መርፍእ ከኣ ንግሆን ምሸትን ከም ዝውሰድ ነጊሩና።

ኣማኻሪት፤ እንታይ እዩ'ሽ ዝከላኸል። ማለተይ፡ ካብ ብፍኑው ጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ድዩ ወላስ ካብ ጥንሲ'ዩ ዝኸላኸል ኢሉ ኣዕሊልኩም?

ደዋሊ፤ ኵሉ እምበር ይከላኸል። ደቂ ኣንስትዮ ነዛ መከላኸሊ እንተ ወሲደንኣ ካብ ጥንስን ኤች ኣይ ቪን ከም ትከላኸለለን እዩ ኣዕሊሉና። ሕጂ ኣነ ክሓቶ ደሊየ ዘለኹ ንደቂ ተባዕትዮ'ኸ ገለ ከምኡ ዓይነት መከላኸሊ የለን ድዩ ኮይኑ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝወሃበን?

ኣማኻሪት፤ ቅድሚ ንሕቶኻ ምምላሰይ፣ ዓርኽኹም ብዛዕባ እዛ ናይ 72 ሰዓታት መርፍእ እናኣዕለለኩም፡ ናትኩም ግብረ-መልሲኸ እንታይ ነይሩ? ማለተይ ኣሚንኩሞ ዲኹም?

ደዋሊ፤ እዋእ፡ ከምቲ ዝበልኹኪ ብዛዕባ እዛ መርፍእ ኵላትና ኣፍልጦ ኣይነበረናን። ስለዚ፡ ካብ ምግራም ሓሊፍና ዝሃብናዮ ግብረ-መልሲ የለን። እንተ ብዛዕባ ምእማን ግን፡ ናይ ካልኦት ኣይፈልጥን፣ ኣነ ግን ኣሚነዮ'የ። ምኽንያቱ፡ ሓንቲ ብቐረባ ዝፈልጣ ሰብ ተጠቃሚት ናይቲ መኸላኸሊ ዝኾነት ከም ዘላ'ዩ ዘዕልለና ነይሩ።

ኣማኻሪት፤ ካበየናይ ትካል ጥዕና ወሲዳቶ ኢልኩም።

ደዋሊ፤ ኣብ ኣስመራ ትቕመጥ ቤተ ሰቡ ምኳና እምበር፡ ብፍሉይ ካብ ኣየናይ ትካል ጥዕና ከም ዝወሰደቶ ኣይነገረናን።

ኣማኻሪት፤ ዮራም፡ ናብ ሕቶኻ ክንምለስ። ድሕሪ ፍኑው ጾታዊ ርክብ ዝውሰድ ንጥንሲ ኮነ ብጾታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ዝከላኸል ንደቂንስትዮ ወይ ንደቂተባዕትዮ ዝወሃብ መርፍእ ፍጹም የለን።

ደዋሊ፤ እንታይ ትብሊ! ካበይ ደኣ ኣምጺእዎ እዚ ኵሉ ሓበሬታ?

ኣማኻሪት፤ እዚ ፍጹም መወከሲ ዘይብሉ ንመንእሰያት ንዝያዳ ጌጋ ዝዕድም ሓበሬታ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ደዋሊ፤ ናቱስ ሕራይ፡ ካልኦት ኣዕሩኽተይ እውን'ኮ ብዛዕባ መከላኸሊ ዝወሃብ መድሃኒት ከም ዘሎ ሰሚዖም ይፈልጡ እዮም።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለዉ ዮራም። ድሕሪ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ካብ ዘይተደልየ ጥንሲ ንምኽልኻል፡ ንደቂንስትዮ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ካብታ ርክብ ዝተፈጸመትላ ዝጅመር ክኒና ይወሃብ እዩ። እዚ ካብ ጥንሲ ደኣ'ምበር ካብ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፡ እንተ'ላይ ኤች ኣይ ቪ፡ ፍጹም ክከላኸል ኣይክእልን እዩ። እዚ ክኒና ናይ ህጹጽ መከላኸሊ ጥንሲ (emergency contraceptive pills, ECP) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ኣብ ግዜ ህጹጽ ኵነታት ደኣ'ምበር ከም ስሩዕ መከላኸሊ፡ ሓሲብካ ቀጻሊ ክትጥቀመሉ ኣይግባእን።

ስለዚ ዮራም፡ እታ ካብ ጥንስን ኤችኣይቪን ዝከላኸል ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝወስድኦ ናይ 72 ሰዓታት መኸላኸሊ ኣሎ ዝበልካዮ ግጉይን ሓደገኛን ሓበሬታ ምኳኑ ምፍላጥ የድሊ። እቲ እንኮ ንጥንስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ኣብ ሓደ ግዜ ክኸላኸል ዝኽእል ኮንዶም ጥራይ እዩ።

ደዋሊ፤ ካብ ኤችኣይቪ ዝከላኸልከ የለን ማለትኪ ድዩ።

ኣማኻሪት፤ ካብ ኢችኣይቪ ዝከላኸል ኣብ ተመሳሳሊ ንውሓት ግዜ (ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ዝጅምር) ንኽልቲኡ ጾታ ዝወሃብ ንኣስታት 1 ወርሒ ዝውሰድ ከኒና ኣሎ። ናይ ዓርክኻ ሓበሬታ ግን ካብዚ ሓቂ'ዚ ዝረሓቐ እዩ።

ደዋሊ፤ ዓርከይሲ ንግሆን ምሸትን ን72 ሰዓታት ዝውሰድ መርፍእ እዩ ኢሉና። ሓቅኺ ኢኺ ምስዚ ክትገልጽለይ ዝጸናሕኪ ዘራኽብ የብሉን። ነታ ኣብ 72 ሰዓታት ዝጅምር ከኒና እዩ ናብ ዝጥዕሞ መኣዝን ቀያይሩ ዘዕልለና ነይሩ ማለት'ዩ። "ንእሽተይ ፍልጠት ሓደገኛ'ዩ" ዝተባህለስ ከምዚ እዩ።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለኻ፣ ንእሽተይ ፍልጠት ሓደገኛ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝኸፍአ ግን ዓቢ ፍልጠት ከም ዘለካ ኣምሲልካ ንሰባት ከተእምን ምፍታን እዩ።

ደዋሊ፤ ንሱስ ሓቅኺ። ምኽንያቱ፡ ዓርክና'ውን'ኮ ርግጸኛ ኮይኑ ስለ ዘዕለለና እዩ ኣሚነዮ። ብዝኾነ እንቋዕ እቲ ሰንሰለት ብኣግኡ ተበትከ። እቲ ዝበልክኒ ድሕሪ ምቅላዕ ናብ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ዝውሰድ ከኒና፡ ንኹሎም ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ክከላኸል ይኽእልዶ?

ኣማኻሪት፤ ንኤችኣይቪ ጥራይ'ዩ ዝከላኸለልና። ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማምት ግን ብቕልጡፍ ተለልይዮም ክፍወሱ ኣለዎም።

ደዋሊ፤ እቲ መድሃኒትከ ንኹሉ ግዳይ ድዩ ዝወሃብ ወላ ገደብ ኣለዎ'ዩ።

ኣማኻሪት፤ ዝኾነ ግዳይ ናብ ከባቢኡ ዝርከብ ትካል ምኽርን ማዕዳን መርመራ ኤችኣይቪን ክኸይድ ኣለዎ። ኣብቲ ትካል ድማ ከከም ኣገዳስነቱ እቲ ዝድልዮ ብሰብ ሞያ ጥዕና ተለልዩ ክወሃብ ይኽእል።

ደዋሊ፤ እቲ ናይ ኤችኣይቪን መከላኸሊ፡ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ዝጅመር ከኒና ምኳኑ ነጊርክኒ፡ ስለምንታይ እዩ 72 ሰዓታት ገደብ ተገይሩሉ?

ኣማኻሪት፤ ምኽንያቱ፡ ኤችኣይቪ ቫይረስ ጉዕዝኡን መስርሕ ምርባሓን ወዲኡ ናብ ደምና ክበጽሕ ኣስታት 72 ሰዓታት እዩ ዝወስደሉ። ስለዚ፡ እቲ ዝወሃብ ከኒና ነዚ መስርሕ እዚ ንምቁራጽ እዩ። ድሕሪ 72 ሰዓታት ግን ኤችኣይቪ ኣብ ደም ስለ ዝሕወስ፡ መኸላኸሊ ከኒና ኣገዳስነት ኣይህልዎን። ኣብ ውሽጢ 2-3 ሰዓታት ምስ ዝውሰድ ድማ ኣድማዕነት መከላኸሊ ከኒና ዝያዳ ዝበለጸ ይኸውን።

ደዋሊ፤ እቲ መኸላኸሊ ሰሪሑዶ ኣይሰረሐን ከ ብኸመይ ይፍለጥ?

ኣማኻሪት፤ ቅድሚ መኸላከሊ ምውሳድ ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ይግበር እዩ። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ'ውን ይድገም። ክሳብ ዳግማይ ኵነታት ጥዕና ዘረጋግጽ ክውገዱ ዝግብኦም ነገራት ግን ኣለዉ።

ደዋሊ፤ እንታይ እዮም ቀጽልለይ በሊ?

ኣማኻሪት፤ ደም ዘይምልጋስ፡ ካብ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ምሕራም፡ ተጥብው ኣደ እንተ ኾይና ድማ ምጥባው ምቁራጽ እዮም።

ደዋሊ፤ በሊ እንቋዕ ደወልኩ። ብዙሕ ሓበሬታ'የ ረኺበ። እንተ ንዓርከይ ግን ሕጂ ረኺበ ክእርሞ እየ። የቐንየለይ። ብሩኽ ምሸት!

ኣማኻሪት፤ ገንዘብካ ዮራም። ደሓን ኣምሲ።

## ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ጥበብ ኤድዋርድስ

ሱራፌል ተ.

ቪክቶርያ ኣብ ዝተባህለ ናይ ለንደን መዋፈሪ ኣውቶቡስ፡ ኣውቶቡስ ዝጸበ ዝነበረ ጋረት ኤድዋርድስ ዝተባህለ ጋዜጠኛ ነበረ።

ኤድዋርድስ ምስ ብዙሓት ከምኡ ተጓዕዝቲ ኣብቲ ነዊሕ ሪጋ ተሰሪዑ ነበረ። ብምንዋሕ ሪጋ ተገሪሙ ነቲ ሪጋ ተመልከቶ። ሓደ ባድላኡ ገጥ ዘበለ፡ ሳምሶናይት ኣብ ኢዱ ዘንጠልጠለ ብዓል ዋኒን ዝመስል ግሩም ሰብኣይ፡ ሻዓ ምጽእ ኢሉ፡ ካብኡ ንድሕሪት ኣብ ዝነበረ ተራ ቄሪጹ ክኣቱ ረኣየ። እዚ ግሩም ሰብኣይ ንብዙሓት ሰባት ሰጊሩ'ዩ ናብ ድሕሪ ኤድዋርድስ ዝመጽአ። ኤድዋርድስ ነቲ ሰብኣይ ተደኒቑ ጠመቶ። ብሕጊ እቲ ምውፋር ብሪጋ ዓው-ዓው ኢልካ ከበቢ ክትርብሽ ነወሪ'ዩ። ኤድዋርድስ ንእለት ሓደ ሓሳብ መጽኦ።

"እመቤት፡" ብምባል ኤድዋርድስ ነታን ድሕሪኡ ዝነበራ'ሞ፡ እቲ ግሩም ሰብኣይ ኣብ መንጎኡ ኣትዩ ዝፈላለዮም ዓባይ ሰበይቲ ተዳህየን፣ "ኣብ ቅድመይ እንተ ኹንክን ትጸልእኣዶ?" ብምባል ቅድሚኡ ክስርዓ ሓተተን። እተን ሰበይቲ




ነቲ ግሩም ሰብኣይ ብጽውግ ገጸን ጠሚተን ንኤድዋርድስ ብኢደን ኣብ መንኮቡ ጠብ ጠብ ብምባል ፍሽኽ ኢለንኦ ብቕድሚኡ ተሰርዓ። ኤድዋርድ በዚ ደው ኣይበለን። ነቶም ድሕሪ እተን ዓባይ ሰበይቲ ዝነበሩ በብሓደ እናጸወዐ ቅድሚኡ ክኾኑ ይፍተዎም እንተ ኾነ እናሓተተ፡ ብቕድሚኡ ብዙሓት ሰባት ኣሕለፈ። ካብቲ ዝነበሮ ሪጋ ኣመና ንድሕሪት ተጐሰ።

ኣውቶቡስ ሰዓታ ኣኺሉ መጽኣት። በቲ ሪጋ'ቲ ኤድዋርድስ ኣብታ ኣውቶብስ ክስቀል ዝከኣል ኣይነበረን። ሰብ ክስቀል ምስ ጀመረ፡ እተን ዓባይ ሰበይቲ ዝስቀላሉ ተራ ኣኸለ። ንድሕሪት ግልጽ ኢለን፡ "ኣታ ብሩኽ ወደይ፡ ቅድመይ እንተ ደየብካስ ትጸልእዶ ትኸውን?" በላኦ ብዓውታ። ኤድዋርድስን ኵሎም እቶም ዘሕለፎምን እናሰሓቑ፡ ነተን ሰበይቲ ሓሊፉ ተሰቕለ።

Author: Oliver Burkeman in "The Guardian Weekend", 28 August 2010



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ብዓል ቡት ድሙ

## ጽውጽዋይ

ነዊሕ ዓመታት ይገብር - ሓደ፡ ሰለስተ ኣወዳት፡ ሓንቲ ኣድጊ፡ ሓደ ድሙን እንዳ ጠሓኒትን ዝሽበሮ ጠሓናይ ነበረ። ምስ ሞተ፡ ደቁ ንብረቱ ክማቐልዎ ቀሊል ነበረ። ኖቲ ዝዓበየ እንዳ ጠሓኒት፡ ኖቲ ካልኣይ እታ ኣድጊ፡ እቲ ዝነኣሰ ድማ እቲ ድሙ ተዋህቦም።

መቸም እቲ ዝነኣሰ ብዛዕባ እቲ ዝበጽሖ ወርሻ ሕጉስ ኣይነበረን። ምስ ኑብሱ ድማ የጉረምርም ነበረ።

"እንታይ ክገብር'የ ብዘይካ ሓደ ድሙ ዝወረስክዎ ነገር የለን። ኣሕዋተይ ቢቲ ዝወረስዎ ጽቡቕ ክነየዱ ይኽእሉ ይኾኑ፣ ኣነ ግን እንድዒ፡"

ከምዚ ክብል እቲ ድሙ ስለ ዝሰምዑ፡ ቅርብ ኢሉ፡ "ጐይታይ፡ ብዙሕ ኣይትጨነቕ። ኣይክትጠምን ኢኻ። ኣነ ዘውጻእኩዎ ዝኾነ መደብ ኣሎኒ፡" በሎ።


"ንስኻ ዘውጻእካዮ መደብ ኣለካ? ንስኻ ድኣ እንታይ ክትገብር ትኽእል?" ሓተተ እቲ ወዲ።

"ብዛዕባኡ ብዙሕ ኣይትጨነቕ ጐይታይ፡" በለ እቲ ድሙ፡ "ጥራይ ሓንቲ ክሻን ቡት ጫማን ሃበኒ። ካልእ ሕቶታት ኣይትሕተተኒ። ዝበልኩኻ እንተ ጌርካ ካብ እትሓስቦ ንላዕሊ ጽቡቕ ኪጋጥመካ'ዩ፡" በሎ።

እቲ ወዲ፡ እቲ ድሙ ኣናጹ ኣብ ምሓዝ ኣዝዩ ፈጣንን ንፉዕን ምንባሩ ዘከረ። ከም ዝሞተ ኣብ መሬት ክድቅስን ኣናጹ ብዝቐረባኦ ነጢሩ ክጉብጠንን ተራእዩ። ዝበሎ እንተ ገበረ ሕማቕ ነገር ከም ዘየጋጥሞ ሓሲቡ ዝተባህሎ ቀረበሉ።

እቲ ድሙ፡ ኖቲ ቡት ጫማ ኣብ ኣእጋሩ ኣእትዩ ክሻ ተሰኪሙ መገዱ ጀመረ።

ኣብ ሓደ ሜዳ ምስ በጽሐ፡ ኖቲ ካሻ ዳንዴር መሊኡ ኣብ ጥቓ ሓደ ናይ ማንቲለ ጉድጓድ ከፊቱ ኣቐመጦ። ከም ዝሞተ ኣቢቲ መሬት ተዘርግሐ። ጸኒሓ፡ ካብቲ ጉድጓድ ሓንቲ ማንቲለ ወጽኣት። ኖቲ ዳንዴር ዝመልአ ክሻ ርእያ ነጢራ ናብኡ ኣተወት። ኖቲ ዝረኣየ ድሙ፡ ተቐላጢፉ ነታ ክሻ ዓጸዋ። ነታ ማንቲለ ዝሓዘት ክሻ ብምጻር ድማ ናብቲ ዝዓበየ ኸተማ ናይቲ ዓዲ፡ ናብታ ዝዓበየት ቤት ንጉስ ከደ። ሓላዊ ናይቲ ቤት ንጉስ ኖቲ ድሙ ምስ ረኣየ፡ "ሓንሳእ!" ኢሉ ጨደረ፣ "ኣብዚ እንታይ ኣለካ ድሙ?" ኢሉ ሓተተ።



"እዛ ተሰኪመያ ዘለኹ ክሻ ትረኣየካዶ ኣላ? ንንጉስ ህያብ እትኾውን ሓንቲ ኣዝያ ጽብቕትን ስብሕትን ማንቲለ ዝሓዘት'ያ፡" በሎ።

"ዶ! ናይ ብሓቂ? ኩይኑ ግን ንጉስ ደማሙ ክበጽሕዎ መጺኦም ኣይፈልጡን እዮም። ዋላ ህያብ ዝሓዙ፡" በለ እቲ ሓላዊ።

ድሙ፡ "ተራ ደማሙስ እወ ሓቅኻ። ግን ከምዚ ከማይ ጽቡቕ ቡት ጫማ ዝገበሩ ደማሙኺ?" ክብል ሓተተ።

እቲ ሓላው ቤት ንጉስ በሊሕ ብዘይ ምንባሩ ተደናገረ። "ቡት ጫማ? ቡት ጫማ'ኸ እንታይ ኣምጽኦ? ግን ምኻን እኳ...በል ሕራይ ኪድ እቶ፣ ግን ሰቡብ ደኣ ከይተምጽኣለይ?" እቲ ሓላው ቤት ንጉስ ተደናጊርዎን ዝገበሮ ጠፊእዎን ብጭንቂ ከንፈሩ እናነኸሰ ኸሎ፣ እቲ ድሙ ተቐላጢፉ ኣትዩ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኢድ ነሰኣ'ሞ፡ "ክቡር ንጉስ! እዛ ክሻ ኣዚያ ጽብቕትን ስብሕትን ማንቲለ ሒዛ ኣላ። ንኣኻ ኸኣ እያ፡" በሎ።

"ዶ!" በለ እቲ ንጉስ። ንሱ'ውን በሊሕ ኣይነበረን፣ "የቐንየለይ ድሙ!" ድማ በለ።

"ኖእ! ክቡር ንጉስ ንኣይ ኣይኩንካን እተመስግነኒ። እዚ ካብ ጐይታይ ካብቲ ክቡር መስፍን ናይ ካራባስ ዝተላእከልካ ህያብ'ዩ፡" በሎ።

ከምዚ ምስ በሎ፡ ንጉስ ካብቲ ሓላዊኡ ዝያዳ ተደናገረ። "ዶ! እ! ብጻይ ድሙ መስፍን ካራባስ ዲኻ ዝበልካ? እ! በል ብጻይ ድሙ፡ ኖቲ ጐይታኻ መስፍን ናይ ካራባስ ምስጋናና ኣብጽሓሉ፡" በሎ።

ነዚ ድሕሪ ምግባር፡ እቲ ድሙ ናብ ጐይታኡ ተመልሰ። ብዛዕባ እቲ ዝገበሮ ነገር ግን ንጐይታኡ ኣይነገሮን። ንጽባሒቱ፡ እንደገና ድማ ተበገሰ። ኣብ ሓደ ናይ ዘራእቲ ሜዳ ከይዱ ነታ ዳንዴር ዝመልኣት ካሻኡ ከፊቱ ከም ዝሞተ ደቀሰ። ጸኒሐን ክልተ ኣዕዋፍ በረረን ኣብታ ካሻ ከም ዝኣተዋ ምስ ረኣየ ነታ ክሻ ተቐላጢፉ ዓጸዋ። ከምታ ዝገበራ ድማ ነታ ክሻ ሒዙ ናብቲ እንዳ ንጉስ ከደ። እቲ ሓላው ንጉስ ጠጠው ኣቢሉ፡ "እንታይ ደሊኻ? ኦ! ንስኻ ዲኻ ብጻይ ድሙ?" በሎ።

"እወ ኣነ! ሎሚ ንንጉስ ዝኾና ክልተ ስቡሓት ኣዕዋፍ ሒዘ መጺአ ኣለኹ፡" በሎ።

"ክልተ...! እንታይ ኣምጽኦ? እ! በል ሕራይ እቶ፣ ግን ገለ ሰቡብ ድኣ ከይተምጽኣለይ፡"

እቲ ድሙ ኖቲ ሓላው ቤት ንጉስ ዝበሎ ዝሽበረ ክሰምዕ ኣይደለየን። ምኽንያቱ፡ ተደናጊሩ ንሓንቲ ዘረባ ንፍርቂ ሰዓት ዝኣክል ይደጋግም ብምንባሩ። ክሻኡ ሒዙ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ጠጠው በለ። ኢድ ነሲኡ ድማ ነታ ክሻ ኣብ እእጋሩ ኣንበራ።

"ዎ ክቡር ንጉስ! እዚኣ ስቡሓት ኣዕዋፍ ሒዛ ኣላ፣ ንኣኻ ድማ እየን፡" በሎ።

**ይቕጽል**

## "ካዕበት፡ ክብረት፡ ዕግበት" ትርጉም ዘለዎም ኣስማት

ኣብ ጉደና ሓርነት ንበይነይ እናተዛወርኩ እንከለኹ፣ "ካዕበት፡ ክብረት፡ ዕግበት፡" ዝብል ጸውዒት ሰሚዐ ደው በልኩ። እቶም ቃላት ዝሰማዕኩዎም ኣስማት ኣይመሰሉንን። ቀረብ ድማ ኖቲ ኣቦ "እዞም ዝጸዋዕካዮም ናይ ብሓቂ መጸውዒ ኣስማት ድዮ በልኩዎ?" እናተሰከፍኩ።

"እወ ናይ ብሓቂ ኣስማት ደቅና እዩ" መለሰለይ ኣቦ እቶም ቈልዑ ብፍሸኽታ።

ኮፍ ኢልና ክዕልል ዓደምኩዎም።

ዕድመይ ተቐቢሎም ብሓደ ኮፍ ኢልና። ዘዕለልናዮ እዚ ዝስዕብ እዩ–

* * *

### ምስ ጉዱእ ርእሰኻ ክተላልየና?



ስመይ ካዕበት ተኽልያ ኣብርሃም እበሃል። ብዕለት 22-01-2013 ተወሊደ።

**ካበይ መጺእካ?**

ካብ ሸወደን መጺአ።

**ትርጉም 'ካዕበት' እንታይ ማለት እዩ?**

ካዕበት ማለት፣ ምስሳን፡ ምብርካት፡ ምዕባይ፡ ምብዛሕ፡ ዕጽፊ ምኻን ማለት እዩ።

**ስምካ ትፈትዋ'ዶ? ስለምንታይ?**

እወ እፈትዋ። ምኽንያቱ ስመይ ፍልይቲ ስለዝኾነት ኩሉ ሰብ እዩ ዝሓትተኒ። ትርጉማ ድማ ደስ ይብለኒ እዩ።

**ስምካ ፍልይቲ ምኻና እንታይ ይስመዓካ?**

ደስ እብለኒ። ኣዝየ ድማ እሕጎስ።

**ዓበይቲ ሰባት ንስምካ ምስ ሰምዕዋ እንታይ ይብሉኻ?**

'ስምካ ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዋ። ስድራኻ ንፉዓት እዮም።' ይብሉኒ።

**ካልእ ሰብ ከምዚ ናትካ ስም ሰሚዕካ ትፈልጥዶ?**

ኖኖ ክሳብ ሕጂ ሰሚዐ ኣይፈልጥን እየ።

**ካልኦት ከምዚ ናትካ ስም እንተዘውጽኡ እንታይ ምተሰመዓካ?**

ደስ ይብለኒ። ይሕጎሰ።

**ኵልኹም ኣሕዋት ትግርኛ ትኽእሉዶ?**

እወ ኵልና ኣሕዋት ትግርኛ ንኽእል ኢና። ኣቦይን ኣደይን ቋንቋ ትግርኛ ይምህሩና እዮም። ንሕና ድማ ጽቡቕ ንዛረብ።

***

### ምስ ጉዱእ ርእሰኻ ክተላልየና?

ስመይ ክብረት ተኽልያ ኣብርሃም እበሃል። ብዕለት 09-03-2015 ተወሊደ።

**ካበይ መጺእካ?**

ካብ ሸወደን መጺአ።

**ትርጉም 'ክብረት' እንታይ ማለት እዩ?**



ክብረት ማለት፣ ክብሪ፡ መዓርግ፡ ዝና፡ ኣኽብሮት፡ ሃብቲ፡ ማለት እዩ።

**ስምካ ትፈትዋዶ?**

እወ እፈትዋ። ምኽያቱ ብዙሓት ክብረት ዝበሃሉ የለዉን። ኣነ ድማ ስመይ ደስ ትብለኒ።

**ብስምካ እንታይ ይስመዓካ?**

ደስ እብለኒ። ኣዝየ ድማ እሕጎስ። ሓደ ሓደ ሰባት ክብረት ዝበሃሉ ክሰምዕ እንከለኹ ድማ ይሕጎስ።

**ዓበይቲ ሰባት ንስምካ ምስ ሰምዕዋ እንታይ ይብሉኻ?**

ዓበይቲ ንስመይ ክጽውዕዋ እንከለዉ ደስ እዩ ዝብሎም። 'ክብረተይ፡ ክብሪ፡ ክብረትና' እናበሉ ድማ የቀባጥሩለይ።

**ካልእ ሰብ ከምዚ ናትካ ስም እንተዘውጽኡ እንታይ ምተሰመዓካ?**

ደስ ምበለኒ። ስም ንኽልና ስለዘኣክል ካልኦት እንተኣውጺኦም ድማ ምተሓጎስኩ።

* * *

### ምስ ጉዱእ ርእሰኻ ክተላልየና?

ስመይ ዕግበት ተኽልያ ኣብርሃም እበሃል። ብዕለት 27-03-2019 ተወሊደ።

**ካበይ መጺእካ?**

ካብ ሸወደን መጺአ።

**ትርጉም 'ዕግበት' እንታይ ማለት እዩ?**

ዕግበት ማለት፣ ጽግበት፡ ምጽጋብ፡ ምሕጓስ፡ ምርዋይ ማለት እዩ።

**ስምካ ትፈትዋዶ? ስለምንታይ?**

እወ እፈትዋ። ምኽንያቱ ስመይ ፍልይቲ እያ። ትርጉማ ድማ ሓጉስ ዝፈጥር እዩ።

**ስምካ ፍልይቲ ምኻና እንታይ ይስመዓካ?**

ደስ እብለኒ። ኣዝየ ድማ እሕጎስ። ሰብ ብስመይ ክጽውዓኒ እንከሎ ድማ ባህ ይብለኒ።

**ዓበይቲ ሰባት ንስምካ ምስ ሰምዕዋ እንታይ ይብሉኻ?**



ዓበይቲ ሰባት ይሕጎሱ። 'እዛ ስምካ ዓቢ ትርጉም ኣለዋ፤' 'ንፉዓት ወለዲ ኣለዉኻ፤' ይብሉኒ።

**ካልእ ሰብ ከምዚ ናትካ ስም ሰሚዕካ ትፈልጥዶ?**

ኖኖ። ክሳብ ሕጂ ዕግበት ዝበሃል ካልእ ሰብ ሰሚዐ ኣይፈልጥን እየ።

**ካልኦት ከምዚ ናትካ ስም እንተዘውጽኡ እንታይ ምተሰመዓካ?**

ደስ ይብለኒ። ይሕጎሰ። ቅሩብ ግን ምቕናእኩ። ግን ድሓን ካልኦት ከውጽኡ ኣለዎም።

***

ስድራቤት ኣቶ ተኽልያ ኣብርሃም ትርጉም ዘለዎ ኣስማት ከውጽኡ ምኽኣሎም እናኣድነቕና፣ ስም ደቅና ትርጉም ክህሉዎ ክንሰርሕ እላቡ።
ፍቱዋት ተማሃሮ፡ ትርጉም ኣስማትኩም እንታይ ምኻኑ ንስድራኹም ብምሕታት ፍለጡ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

(ቀዳማይ ክፋል)

## ምሕደራ ፍልጠት

## መሰረት ምሕደራ ለውጥን ትካላዊ ብቕዓትን

ፍልጠት፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ጸጋታት ክመሓደርን ብግቡእ ክመቓራሕን ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ፈለማ 1990ታት እዩ ተኣታቲዩ። ምሕደራ ፍልጠት፡ ዕደና ሓበሬታን ተጠቀምቲ ብዝቐለለ ኣገባብ ሓበሬታ ዝረኽብሉ ኣገባብ ዝርገሐን የጠቓልል። ቀንዲ ዕላማ ምሕደራ ፍልጠት፡ ፍልጠት ክንግልገለሉ ብእንኽእል ኣገባብ ብምዕቃብ፡ ትካላዊ ብቕዓት ምዕባይ እዩ። ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ሓደ ትካል ክቕየር ከሎ፡ ኣብቲ ትካል ዘተኣታተዎ እወታዊ ኣሰራርሓን ብቕዓትን፡ በቶም ስዒቦም ዝመጽኡ ሰራሕተኛታት ይቕጸል ዶ ወይስ መምስ ዝመጽእ ሰራሕተኛ ኢና ሓድሽ ስራሕ ንጅምር? ሓደ ሰራሕተኛ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ቦታ ስራሕ ምስ ዘይህሉ፡ ካልእ ኣባል እቲ ትካል፡ ነቲ ዝተጀመረ ስራሕ ኣብ ምቕጻል እንታይ ዓይነት ፍልጠት ተቐሪብሉ ይጸንሕ? ኣብ መንን ምኩራት ሰራሕተኛታትን ሓደሽትን ዘሎ ናይ ፍልጠትን ተመኩሮን ምልውዋጥ ብኸመይ ይካየድ? ኣብዚ ምዕቡል ዘመን ተኣታቲዩ ዘሎ "ስርዓት-ምሕደራ ፍልጠት" ንምዕባዩ፡ ኣብ ትካላትና እንታይ ተክኖሎጂኣዊ መሳርሒ ኣለና ወይ ንጥቀም? እዚን ካልእን ሕቶታት ኣብ ምሕደራ ፍልጠት ክሕተቱ ይኽእሉ። ዕላማ ምሕደራ ፍልጠት ንኽውቃዕ፤ ፈለማ፡ ፍልጠት ክእከብን በቲ 'ስርዓት-ምሕደራ ፍልጠት' ዝጠልቦ ኣገባብ ክስራዕ፣ ካልኣይ፡ ናብ ተጠቀምቲ ፍልጠት ዝኾኑ ኣካላት ምዝጋሕ፣ ሳልሳይ፡ ብቐጻሊ ዝተፈላለዩ መስርሓትን ተክኖሎጂን ምትእታትውን ምዕባዩን፡ ተገልገልቲ ብዝቐለለ ኣገባብ ፍልጠት ክረኽቡ ምስራሕ የድሊ። ኣብ መወዳእታ፡ ንዝስዕብ 'ሓድሽ ወለዶ ፍልጠት'፡ ኣብ መስርሕ ቀጻሊ ትምህርቲ ክዓብዩ ድርኺት ምፍጣር የድሊ። እዚ መስርሕ፡ ብቕዓት ሰራሕተኛታት ብምዕባይ ውጽኢት ከዕቢ ይኽእል። እቲ ዝተጠርየ ፍልጠት ኣብ ስራሕ ስለዝርኣ፡ ውጽኢቱ ክረአ ኣየሸገርን፣ ልዕሊ ኹሉ ግን ኩሉ ፍልጠት ንኹሉ ይዝርጋሕን ይመቓራሕን ስለዘሎ፡ ሓደ ሰራሕተኛ ምስ ዝእለ ብኻልእ ክትካእ ኣየጸግምን።

ኩሉ ፍልጠት ድዩ ክእከብ፡ ክዕቀብን ክመቓራሕን ዝኽእል? መሰረት ፍልጠት፡ ብመንገዲ ስሩዕን ዘይስሩዕን ትምህርትን ተመክሮን ዝእከብ ሓበሬታ ክኸውን ከሎ። ሓበሬታ በይኑ ግን ፍልጠት ክህበና ኣይክእልን እዩ። ፍልጠት ኣብ ሓበሬታ ዘለና መረዳእታ እዩ። እቲ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ተረዲእና፡ ብኽንጥቀመሉ እንኽእል ኣገባብ ምስ ኵነታትና ኣዛሚድና ክንጥቀመሉ እንተ ዘይክኢልና፡ ናብ ፍልጠት ተሰጋጊሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኩሉ ዓይነት ሓበሬታ ክእከብ፡ ክሰነድን ክዝርጋሕን ይኽእል እዩ። ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ግን ክእከብ፡ ክሰነድን ክዝርጋሕን ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚ፡ "ምስኡ ዘሎ ፍልጠት መዳርግቲ የብሉን። ግን ፍልጠቱ ከመሓላልፎ ኣይክእልን እዩ፡" ወይ "ብልዑል ነጥቢ እያ ተመሪቃ፣ ግን ኣብ ክፍሊ ንተመሃሮ ከተረድእ የጽግማ እዩ፡" ክበሃል ሰሚዕና ንፈልጥ ንኸውን። ኩሉ ፍልጠት ዘለዎ ፍልጠቱ ከሰጋግር ስለዘይክእል'ዩ እቲ ምኽንያት። እቲ ገለኡ ዓይነት ፍልጠት ከኣ ንምእካቡን ምስግጋሩን ልዑል ብቕዓት ዝሓትት ኮይኑ ይጸንሕ። ኣብ ብርክት ዝብሉ ናይ 'ምህደራ ፍልጠት' መወከሲታት፡ ብዙሕ ዓይነታት ፍልጠት ከም ዘሎ ይሕብር። ንገለ ካብቶም ምስ ትካላዊ ብቕዓት ዝተኣሳሰሩ ዓይነታት ፍልጠት ምስ እንርኢ፤

1- ግሁድ ፍልጠት፤ ካብ ኩሉ ስርዓት ለቢሱ (ብቍጽሪ፡ ፊደላትን ስእላዊ መግለጽን) ዝተሰነደ ሓበሬታ ዝርከብ ፍልጠት፡ ኣብ ትሕቲ 'ግሁድ ፍልጠት' ይምደብ። ካብ መጽሓፍቲ፡ ማዕከን ሓበሬታ (database)፡ መቈጻጸሪ ዝርዝር፡ ዶኩመንትት፡ ቪድዮ፡ ድምጺ፡ ፋይላትን ካልእ ሰነዳትን ዝርከብ ፍልጠት ከም ኣብነት ክንወስድ ንኽእል። ግሁድ ፍልጠት፡ ካብቶም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ዓይነታት ፍልጠት እቲ ንኽተመሓላልፎ ዝቐለለ ዓይነት ፍልጠት እዩ።

2- ሜላዊ ወይ ስልታዊ ፍልጠት፤ እዚ ዓይነት ፍልጠት፡ ተፈጥሮኣዊ ግንዛበ ዝመስል ባህሪ ዘለዎ እዩ። ኣብ ተመኩሮን ቀጻሊ ልምምድን ዝተሰረተ ኮይኑ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ዕላማ ንኽንሃርም የገልግል። ከምኡ ዝበለ ዓይነት ፍልጠት፡ ንኽተመሓላልፎ ወይ ክትምህሮ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከኣ ብዓቐንን ዓይነትን ይፈላለ እዩ። ልቦና፡ መሪሕነት፡ ግንዛበ፡ ፍርድን ካልእ ባህርያዊ ጥበባትን ከም ኣብነታት እዚ ዓይነት ፍልጠት ክንዝርዝር ንኽእል።

3- ፍጹም ፍልጠት፤ ግሁድ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ወይ ጥቕሚ ምስ ኣውዓልናዮ ዝርከብ ፍልጠት 'ፍጹም ፍልጠት' ኢልና ክንገልጾ ንኽእል። እቲ ብሓሳብ ጥራይ ዝቐሰምናዮ ፍልጠት፡ ብግብሪ ምስ ርኣናዮ ምሉእ ዝኾነ መረዳእታ ክፈጥረልና ይኽእል። ሜላዊ ወይ ስልታዊ ፍልጠትን ፍጹም ፍልጠትን፡ ክልቲኡ፡ ብተመኩሮ ዝርከብ ፍልጠት እዩ። ሜላዊ ፍልጠት፡ ዘያዳ ምስ ማሕበራዊ ዝምድናታት ዝተሓሓዘ ፍልጠት ክኸውን ከሎ፣ ፍጹም ፍልጠት ከኣ ምስ ኣካዳምያዊ ወይ ሞያዊ ፍልጠት ከነተሓሕዞ ንኽእል። ተመሃሮ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ ዝቐሰምናዮ ግሁድ ፍልጠት፡ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ነቲ ዝተመሃርናዮ ኣብ ግብሪ ኣውዒልና ንረኽቦ ተመኩሮን ግንዛበን 'ፍጹም ፍልጠት' ክንዓጥቕ የኽእል።

4- ሰረታዊ ፍልጠት፤ እዚ ዓይነት ፍልጠት ከኣ ኣብ ስርዓታዊ መስርሕ፡ ተደጋጋሚ መስርዕ ዝዘውር መስርሕ፡ ማንዋላት፡ ቅርጽን ትካላዊ ባህልን ዝርከብ ፍልጠት እዩ። ብወግዒ ኣብ ዝምስረቱ ምሕደራዊ ተበግሶታት ዝሰረት ኮይኑ፡ ትካላት፡ ነቲ ካልእ ዓይነታት ፍልጠት ንምጥቃምን ምስራጽን ዘገልግል ዓይነት ፍልጠት እዩ። ኣብ ገለ መወከሲታት፡ 'መስርሓዊ ፍልጠት' ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ሰረታዊ ፍልጠት፡ ኣብ ሓደ ትካል ብግሁድ ዝረአ ፍልጠት ዋላ'ኳ ኣይኹን፣ ንእወታዊ ውጽኢት፡ ኣፍራይነትን ብቕዓት ትካልን ግን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ።

ሓደ ትካል፡ ዘለዎ ፍልጠት ከመሓድር ምስ ዝደሊ፡ እንታይ ዓይነት ፍልጠት ኣለዎ ብምልላይን ምፍታሽን ክጅመር ይግባእ። እዚ ንምግባር ግን ኣብ ውሽጢ ትካል ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ትካል ወጻኢ፡ ምስ ፍልጠት ሰራሕተኛታትን ካልኦት ምስቲ ትካል ዝተኣሳሰሩ ኣካላትን እውን ዳህሳስ ክካየድ የድሊ። ብዓውዲ ሲቪላዊ ምህንድስና ዝተመረቐ ዓቕሚ ሰብ ዝርከብዋ ትካል፡ ናብ ሓደ ዓዲ ጽርግያ ንምእታው ፕሮጀክት ተዋህበት። እቲ ትካል ነቲ ስራሕ ንምዕማም፡ እቶም ብሉጻት ዝበሃሉ ሰራሕተኛታትን ዘድሊ መሳርሕን ብምውዳድ ናብቲ ቦታ ለኣኸት። እቶም ሰራሕተኛታት፡ እቲ ዓዲ ኣጻድፍ ዝበዝሖ ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ቅርጺ መሬት ከጽንዑ ቀነዩ። ሓደ ረፍዲ፡ ኣብ ሰብዓታት ዝርከብ ሓደ ኣቦ ወዲ'ቲ ዓዲ፡ ናብኦም ቀሪብ ኢሉ "እዞም ደቀይ እንታይ ደኣ ትገብሩ?" በሎም። ንሳቶምም ከኣ ናብቲ ዓዲ ዝኣቱ መስመር ጽርግያ ንምስራሕ ዝሓሸ መንገዲ የጽንዑ ምህላዎም ነገርዎ። ንሱ ኸኣ "እዋይ እዚ ደኣ ቀሊል እንድዩ፡" ብምባል "ሰዓቡኒ፡" ኢሉ መንገዲ ክመርሖ ጀመረ። ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ከኣ ናብቲ ዓዲ ዘእቱ ዝሓጸረን ዝደልደለን መንገዲ ኣርኣዮም። እቶም ብትምህርቶምን መሳርሒኦምን ተኣማሚኖም ዝጸንሑ ሰራሕተኛታት እታ ትካል፡ "እዚ ሰብኣይ ብዘይ መሳርሒ ከመይ ኣቢሉ ዝሓሸ መስመር ክረክብ ክኢሉ?" ብምባል ተገረሙ። ምንጪ ፍልጠቱ ምስ ሓተትዎ ከኣ "ከባቢ ካብ ምንባብ እዩ፡" በሎም። "ኣብቲ ዓዲ ዝርከባ እንስሳታት ዝጥቀማሉ፡ ኣጻድፍ ይኹን ሰጣሕ መንገዲ ዱልዱሉ ስለዝኾነ፡ ነቲ ንሰን ዝኸዳሉ መንገዲ፡ በቲ ዓኾረኣን ተመሪሐ እየ ከርእየኩም ጸኒሐ፡" በሎም። ፍልጠት ናይዚ ኣቦ ምስ 'ሜላዊ ወይ ስልታዊ ፍልጠት' እዩ ዝጸብጸብ። ከምዚ ዝበለ ዓይነታት ፍልጠት ክትእክቦ፡ ክትሰንዶን ከተመቓርሖን ልዑል ጻዕርን ውሕልነት ይሓትት። በቲ ልሙድን ስሩዕን ኣካይዳ ኸኣ ክንረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ፡ ከምቲ እቲ ኣቦ ዝበሎ፡ ፍልጠት ኪንዮ መጽሓፍን ጽሑፍን ክንደልዮ'ውን ኣለና።

ሓደ ትካል፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ገምጋሙ ዝገብሮ ፍተሻ፡ ክንደይ ዓቕሚ ሰብ ኣለውዎ እንታይ ኣበርክቶ ኣለዎምን እዩ። ጐኒ ጐኒ'ዚ ዓቕሚ ንምፍታሽ ክንደይ ዝኣክል ፍልጠት ኣለዎ፡ እንታይ ዓይነት ፍልጠት እዩ ኸ ምፍላጥ የድሊ። ኣብ ትካላትና ዘሎ ፍልጠት፡ ብዓይነትን ብዝሕን ምስ ፈለጥና፡ ስዒቡ ዝመጽእ ምኽዛን፡ ምስናድን ምውዳብን እዩ። ምሕደራ ሓበሬታን ምሕደራ ፍልጠትን ተመሳሳሊእቲ ዕዮታት ዋላ ይኹኑ፡ ሓበሬታ ስለዝኽዘንናን ዝሰነድናን፡ ፍልጠት ኣመሓዲርና ክበሃል ኣይከኣልን። ብዘይ ሓበሬታ፡ ፍልጠት ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና። ሓበሬታ ናብ ፍልጠት ክሰጋገር ግን፡ ክትንተን፡ ክምስራሕ፡ ምስ ካልእ ሓበሬታ ተወሃሂዱ ተመሳሳልነት ወይ ፍልልያት ክርኢ፡ ኣብ ግብሪ ክፍተን፡ መረዳእታ ብዙሓት ኣካላት ክውሰኾን ካልእን የድልዮ። ኣብ ሓደ ትካል በብዓመቱ ዝውጠኑን ዝዕየዩን ብመልክዕ ጸብጻብ ሓበሬታ ክንእክብ ንኽእል ኢና። ትካልና ናበይ ገጻ እያ ትኸይድ ዘላ ግን ካብቲ ጸብጻብ ክንረኽቦ ኣይንኽእል ኢና። ዝተኣከቡ ሓበሬታታት ምስ ዝዘተየሎም፡ ገምጋም ዝውሰደሎምን መጽናዕቲ ዝካየደሎምን ግን ብዛዕባ ትካልና ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ክህልወና ይኽእል። ኣብ ቅርጺ ብዙሓት ትካላት፡ ምስ ምርምርን ሰነዳን ዝተኣሳሰር ንጠፈታት ዘካይዳ ክፍልታት ወይ ኣሃዱታት ኣጋጢመናኒ ኣለዋ። ብቝጽሪ ዘዕግብ ዋላ ኣይኹን፡ ገለ መጽናዕትታት'ውን ይግበር እዩ። ውጽኢት እቲ መጽናዕቲ፡ ብሓባር ክዝተ፡ ዝግደሱ ኣካላት ክካትዕሉ፡ ክሕተምን ከም መወከሲ ክንጥቀመሉን ክኢልና ኣለና ክበሃል ግን ኣይከኣልን። እዚ፡ ውጽኢት ክልተ ድኽመታት ክኸውን ይኽእል፤ ሓበሬታ ናብ ፍልጠት ክሰጋገረሉ ዝኽእል ንመጽናዕትታት፡ ዘተታት፡ ክትዓትን ሕትመታትን የለን። ኣሎ ዝብል ምስ ዝህሉ ኸኣ፡ ንኹሉ ፍልጠት ዘናዲ ኣካል ብቐሊሉ ኣብ ክረኽቦ ዝኽእል ኣይተመቓረሐን ማለት እዩ። በዚ ኢሉ በቲ፡ ኣብ ምሕደራ ፍልጠት ደኺምና ከም ዘለና የርኢ። ነፍሲ ወከፍ ትካል፡ ብሓበሬታን ፍልጠትን ሰንጥቕ ኢሉ እንክነሱ፡ ሰኣን ኣድህቦን ግቡእ ምሕደራ ዘይምክያድንː ትካላት ከሰጋግርኦ ዝግባእ ፍልጠት ምስ ሰራሕተኛታተን ተቐቢሩ ይጠፍእ ኣሎ። ምሕደራ ፍልጠት፡ ኩለንትናዊ ቅርጡውና የኽእል። ኣብዚ ተወዳዳሪ ዓለም፡ ፍልጠት ዘይብሉ ትካል ክሰርር ኣይክእልን እዩ። ትካላት ተወዳደርቲ ንምዃን ዘኽእለን እኹል ፍልጠት ምስ ዘይህልወን፡ ንለውጢ ክጸርኦ ስለዘይክእላ ክጥፍሻን ክሞታን ይረኣያ። ፍልጠት፡ ብውልቂ ይኹን ብደረጃ ትካል፡ ብቑዕ ብምዃን ንለውጢ በዲህካ ክትሰርር ዘኽእል ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ'ዚ ምስ ዝኽዘንን ዝመቓራሕን፡ ትካላት ካብ ነንሕድደን ክመሃራን ክዓብያን ባብ ከርሑ ይኽእል። ምብኻንን ተደጋጋሚ ጌጋታት ኣወጊዱ ስሉጥ ምዕባለን ለውጥን ከተመዝግብን የኽእል። ንገሌና ኸኣ፡ ቀንጠመንጢ ምዕላል ገዲፍና ኣብ ፍልጠት ሓዘል ጉዳያት ከነዕልልን ክንካታዕን ምሓገዛና።





# ዘይተነግረሎም ወናም ሌፋይ

ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ሕብረተሰባት ዓለም መለለዪኡ ዝኾነ ናይ ገዛእ ርእሱ ያታዊን ባህላዊን ወርሻታት ኣለዎ። ንሕብረተሰብ ኤርትራ ዘቖማ ትሽዓተ ብሄራትና፡ ኣተን ዝደህሰሰን ዘይደህሰሰን ያታዊ ባህሊ ይውንና። ዘይደህሰሱ (fine Arts) ባህላዊ ወርሻታት እንብሎም ከምኒ ቋንቋ፡ መዚቃ፡ ትልሂት፡ ማሕ፡ ሳዕሰዒት፡ ደብላ ወዘተ. እየም። ኣብ ኩለን ብሄራትና ዝርከብ ባህላዊ ወርሻታት ድማ መሰረት ብዙሕነት ዝሰረቱ ሃገራዊ ባህልናን ሕብረተሰብኣዊ ጸባቓናን እዩ።

እዚ ንውሉድ ወለዶ እናተሰጋገረ ክሳብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ዝበጽሐ ግሩም ባህላዊን ያታዊን ወርሻታት'ዚ፡ ምስ ዘበን ኣምጽኦ ባህሊ ከይተደባለቐን ከይተበረዘን - ናይ ገዛእ ርእሱ መዓርግን መቐረትን ዝበር እዩ። ብጽኑዑይ መልክዑ ተዓቂቡ ክቐጽልን ንመጻኢ ወለዶታት ከም ውርሻ ክሰጋገርን ድማ ናብዮት ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲን ዝኾነ ዘለዎም ሰብ ጥበበኛታትን የድልዩ።

ካብ'ዚ ኣመለኻኽታ'ዚ ብምብጋስ፡ ንሎሚ ምስ ሓደ ሰብ ጥበበኛ ክላልየኩም። ፍስሃዮ ኣቦ ኣረፋይነ ፍስሃዮ። እዞም



"ዘይተነግረሎም ወናም ሌፋይ" ታሪኾም፡ ብህይወቶም ከለው ከቕርቦ መዳብ'ኳ እንተነበርኩ ኣይሰለጠንን። ይኹን'ምበር ኣበርክቶኦም ኣብ ምስግጋር ያታዊ ወርሻ ዓቢ ብምንባሩ ድሕሪ ሕልፈቶም እውን እንተኾነ ክዘንተወሎም ዝግባእ ድንቂ በዓል ሞያ እየም ዝነበሩ።

በዓር ሌፋይ (ደባላይ) ኣቶ ኣረፋይነ ፍስሃዮ ንጉሰ - ካብ ኣቦኦም ሹምባሽ ፍስሃዮ ንጉሰን ኣደኦም ወይዘሮ ንግስቲኣዜብ ገብረመድህንን ብ1921 ኣብ ካምፖ ዓስከር ጣልያን ሓዙሓዝ ኣስመራ ተወሊዶም። ዕድመ ንእስነቶም'ውን ኣብኡ ኣሕለፍዎም። ወላዲ ኣቶ ኣረፋይነ፡ ሹምባሽ ፍስሃዮ ንጉሰ ስሙይ ዓስከር ጣልያንን ፈታው ስፖርትን እየም ዝነበሩ። በጺሒ እንከለዉ ኣብ ዝተኻየደ፡ ካብ ኣስመራ ሰንዓፈ በጺሒካ ናይ ምምላስ ዓቢ ቅድድም ጉያ እግሪ /Super Marathon/ ሹምባሽ ፍስሃዮ ቀዳማይ ብምውጽኦም ከምእተሸለሙ ወደም ኣቶ ኣረፋይነ ኣዘንትዮምለይ ነይሮም። ኣብ ርእሲ'ዚ ሹምባሽ ፍስሃዮ ብደባላ ፍሉጥ እየም ነይሮም። ኣቶ ኣረፋይነ ድማ ኣሰርም ሰዒቦም ዝደነቑ ደባላይ ክኾኑ በቒዖም።

ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ኣብ መንጎ እንግሊዝን ጣልያንን ውግእ ይካየድ ነበረ። በዚ ድማ፡ መንእሰይ ኣረፋይነ ፍስሃዮ ካብ ኣስመራ ናብ ትውልዲ ዓዶም ሳቘን ንኡስ ዞባ ደባሩብ ከይደም ክዕቀቡ ወሰኑ። እንተኾነ ዓዲ ክበጽሑ ቁሩብ ምስተረፎም፡ ዝበን ጉሕጭዓ ኣብ ዝርከብ ጎላጉል ኣብ መንጎ ጣልያንን እንግሊዝን ብደብዳብ ከበድ ብረትን ነፈርትን ዝተሰዐ ጽዑዕ ውግእ ክካየድ ስለዝጸንሖም፡ ዓዶም ከይኣተዉ ተሞኽልዮም ናብ ምውላድ ማንታ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ወሪዶም ምስ ኣዝማዶም ተዓቚቡ። ኩናት ክሳዕ ዝዘሕል ድማ ብበትሰት ተዓሲቦም ንቑሩብ እዋን ሰርሑ። ደሓር ግና ንዓዶም ተመሊሶም ሓዳር መስረቱ እሞ፡ ኑቲ ዘይዓበዩሉን ዘይመልከዎን ስራሕ ዓኺይ /ሕርሻ/ ስራሐይ በሎም ተተሓሓዝዎ። ዓስከር ጣልያን ኣቦኦም ሹምባሽ ፍስሃዮ ንጉሰ ግን፡ ኣብቲ ብ1941 ኣብ ጭልጋ ከባቢ ጎንደር፡ ዝተኻየደ ውግእ ህይወቶም ስለዝሓለፈት ድሕሪ'ቲ ኩናት ኣይተራኸቡን።

ኣቶ ኣረፋይነ ድሕሪ ሓዳር ምምስራቶም ሓረስታይ ኮይኖም ነዊሕ ኣይቀጸሉን። ኣፍልጦ ኩተማን ምልክት ቋንቋ ጣልያንን ስለዝነበሮም፡ ኣብ መንደፈራ ኣብ ሓደ ትካል መሸጣ ስጋ /ማቸላዮ/ ን6 ዓመት ሰርሑ። ስርሖምን ሓዳሮምን እናካየዱ ድማ፡ እቲ ዝፈትውዎ ያታዊ ትልሂት - ደብላ ኣብ ዝተፈላለየ ውራያትን ኣጋጣሚታትን ይጻወቱ ነበሩ። ኣብ ግዜ ዓደይ - ዓደይ ቅድሚ ንጉስ ኤርትራ ብኢትዮጵያ፡ ኣብ መንጎ ሃገራውያንን ደገፍቲ "ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን' ኣብ ተራእምሲ ምትፍናንን ኀጸን ኣብ ዝተፈጥረሉ እዋን፡ ኣብቲ ቦታ ተዓዲሞም ምንባሮምን ትልሂቶም ንተሳተፍቲ ከምዝርኣዩን ይሕብሩ። ብዘዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ናይቲ እዋን'ቲ ብዙሕ ኣፍልጦ ስለዘይነበሮም ግን፡ ኣብቲ ምርኢት ዘቕረብሉ ቦታ ዝተፈጥረ ረጽሚ ደርኺቱ እንታይ ምንባሩ ብልክዕ ይርድኦም ከምዘይነበረ የዘንትዉ።

ሓደ እዋን ኣቶ ኣረፋይነ ዝርከብዎም ኣስታት 400 ዝኾኑ ሓዋ ሓዋ ዝጨንዉ መንእሰያት ስራሕ ክትቁጸሩ ተባሂሎም፡ ካብ ኣስመራ ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ተወሰዱ። ኣዲስ ኣበባ ንገደኒ ገዳፎም ድማ ካሌ ቦርና ኣተዉ። እቲ ዕላማ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዶም መሳርሒ ኢትዮጵያ ንክኾኑ እዩ ዝነበረ። ኣብ'ቲ መሰልጠኒ ማእከል ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኢትዮጵያ ዝመጽኡ ካልኦት እውን ነበሩ። እቶም ተዓለምቲ ብባህሊ ኮነ ብኣተዓባብያ ዘይራኸቡ ብምንባሮም ኩሉ ግዜ ባእስን ዕግርግርን ይፍጠር ነበረ። ብዛዕባ'ቲ ቦታ ዝኾርም ክገልጹ ከለዉ ከምዚ ይብሉ፦

"ሓደ መዓልቲ ምስ ሓደ ክንዲ ጸድፊ ዝኸውን ኣምሓራይ ተባኢሰ፡ ሕልኮ መለሰ ክምብል ኣብለዩ። ተንሲኡ ከወቕዓኒ ወሰ ኩብልን ብበንስጢ ሃሪመ ከውድቖን ሓደ ኮይኑ። ብድሕሪዚ 'እዚኦቶም (ንኤርትራውያን ማለቶም'ዩ) ሰይጣውንቲ እዮም ከይትቐርብዎም' ተባሂልና በጠንጀለ ፋሕ ኢልና ከምእንቕመጥ ተገይሩ።"

በዓል ኣቶ ኣረፋይነ ዘይሓሰብዎ ናብ ታዕሊም ምእታዎም ኣይተቐበልዎን። ዝበዝሐ ድማ መሞሊቕም ካብቲ ቦታ ተሰወሩ። ኣቶ ኣረፋይነ እውን ካብቲ



ቦታ መሊቖም ኣዲስ ኣበባ ብምእታው፡ ሽቃጣይ ተመሲሎም ምስ ወዲ መረሰቢ /ኣብ ሓልሓለ ዝበረ ክዋኛ/ ካብ ኣዲስ ኣበባ ቡን ጽዒኑ ናብ ኣስመራ ይመጽእ ስለዝነበረ ተተሓሒዞም ኣስመራ ኣተዉ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣስመራ ዕሱብት ማሕበር ኣንድነት ብዘፍጽምዎ ዝነበሩ ቅንጸላታትን ዕግርግርን ትናወጽ ስለዝነበረት፡ ኣቶ ኣረፋይነ ኣብ ኣስመራ ምንባር ኣይመረጹን። ዳግማይ ንዓዶም ወሪዶም ናብ ንጥፈታት ሕርሻ ተመልሱ። ስራሕ ሕርሻ ግን ንኣቶ ኣረፋይነ መመላእታ ጥራይ እዩ ነይሩ። ቀንዲ ሃሞምን ቀልቦምን'ሲ ኣብ ጓይላን ኩዳን እዩ ዝነበረ። ብዙይ ምኽንያት ከኣ ሌፋይ ወዲ ፍስሃዮ ንኣስታት 70 ዓመት ብዘይምስልካይ ኣብ ሞያኦም ብወለንታን ብፍቕሪን ዝሰርሑ ሰብ ጥበበኛ እዮም። "ካብ ኣቦይን ደቂ ዓደይን ዝወረስክዎ፡ ኣብ ዘጋጠመ ጓይላን ትልሂትን ኣትየ እስዕሰዕን እድኒብልን ነይረ፡ ኣብ ጎደቦታትና ኣብ ዝግበር ዝበረ ናይ መርዓን ዓመታዊ በዓላትን ጓይላታት ብሳዕሰዒትን ደብላን ክሳተፍ ደስ ይብለኒ ነይሩ። ኣነ ዘለኹዋ ጓይላ ከኣ ትዕምር ነይራ።" ይብሉ ንሶም።

ብርግጽ ድማ ተዓዚቦ እናኣጣቐዐን እናደረፉን ሳዕሳዕቲ ኣብ ዙርያ መጋርያ እናኣኸደዱ፡ ጭራ ዋጣ ምስ ህርመት እናተቓጸ፡ ሰብ ድርብ መለኸት ምስ ሰሰተ እምብልታ እናተሓሳለወ፡ ኣርባዕተ ሰብ ከበሮ በብጾምዲ እናወቕዑ ዝካየድ ባህላዊ ጸወታ ወህደቱ ንሓደ ምዕቡል ኦርኬስትራ ሰምፎኒ (Symphony Orchestra) እዩ ዘዘኻኽረካ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ድሙቕ ጓይላ፡ በዓር ኣረፋይነ ምስ ካልኣዮም ከም ብተይ ይዕንድሩ። ሽዑ ብስምዒት ዝኣክል ናብ ካልእ ፍጡር'የም ዝቕየሩ።

ሌፋይ ኣረፋይነ ፍስሃዮ ካብ ጸጉሪ ርእሶም ክሳብ ጽፍሪ እግሮም ዝንበርዎ ፍሉይ ምንቅስቓስ፡ ንሳዕሰዒት ባሌት'ዩ (Ballet Dance) ዝመስል። ቁመናኦም'ውን ንሰኦ ተባሂሉ ዝተደኩነዩ ዝመስል። በዓል ጉተና ህድሞ ጋዕሲን ወሰል ዝበለ ሽኑበን እየም። ብሳዕሊ ዘፈርፈር ዝበል እሉም ጸለም ዱኖ ለበሶም፡ ብኖማሂይቲ ኢዶም ጉራዴ ዓትዒቶም፡ ብጸጋማይ ኢዶም ካብ ቆርበት ገማሪ ዝተሰርሐ ዋልታ ሐዚም፡ ሻሕ ሻሕ ዝበል ሽራራ ዝናር ተዓጢቖም፡ ብቖርበት ዝተሰርሐ ጥልሞ ሳእኒ ወደዮም፡ በተን ዕጽፍጽፍ ዝበላ ሽኮ ዳናጉ፡ ዓጅብ ዘበል ጸወታ ኣብ ምርኣይ ዝዓረገም ኣይነበረን። ብፍላይ ክኢላ መማዘኒቲ እንተረኺቦም ዘርእይዎ ደብላ ንተዓዘብቲ ዘሀንን ነበረ።

ብዘይካ'ቲ ልሙድ ጓይላ፡ መርዓውቲ ኣብ ቤት ሐሜ ኣብ ዝኣትዉሉ ሀሞት ንኽብሮም ዝጸወት ደብላ ከምዝነበረ ኣቶ ኣረፋይነ ይገልጹ። ከም'ዚ ሎሚ ኤለክትሪክ ወይ ጸሓያዊ ጸዓት (Solar Power) ዋላ እተን ብሳምባ ዝሰርሓ ፔትሮማክስ ወይ ፋኑስ ዘይነበራሉ ግዜ እዩ። እቶም ንጸወታ ዝመጹ ብኸቢ ዝተሰርዐ መናእሰይን ጎራዙን ብፍሉይ ረምታ እናኣጣቐዐ፡ ኣውላድ ቀናዲል ጉድጉዶ ብምሓዝ እየን ኑቲ ዓውዲ ደብላ ዘብርህኦ። ኣሒትቲ መለኸት ብፍሉይ ቃና መለኸቶም የንደቕድቑ። ኣብ'ዚ ወኒ ዝቕስቅስ ህሞት'ዚ ሌፋይ ኣረፋይነ በቲ ፍሉይን ፍጡንን ኣካላዊ ምንቅስቓሶም፡ ዓውዲ ጓይላ 'ኢይትጸርፒ' ብምባል ምስ መጋጥምቶም ሕውነታዊ ምትህልላኽ ይካይዱ። እተን ብቐንዴላት ጉድጉዶ ዘበርሃ ጎራዙ ድማ ብተደጋጋሚ እናዓለላ ኣደናቖተን ይገልጻ።

ሌፋይ ኣረፋይነ ፍሽኽታ ዘይፍለዮም ፈታው ዱእላ እየም ዝነበሩ። "ደብላ ከም ሞያ /Profession/ ክፈትዎን ክሰዕቦን ዝደረኸኒ ፍጥር ክብል ዝርእየን ዝከታተሎን ዝነበርኩ ናይ ወላድየይ ሹምባሽ ፍስሃዮ ንጉሰ ወኒን ክእለትን እዩ። ኢያታተይን መተዓብይተይን ዝኾኑ ደቂ ሳቘን ከምኡ'ውን ሰብ ክሳድ ዳዕሮ፡ በዓል ተኽለ ግራዝማች በየነ፡ ኣፈወርቂ ከበደም፡ ንጉሰ እልፉ፡ በየን ኣማሃን ባሻይ ወልዱ ካፍልን ድማ ቅንኢ ኣሕደሮሙለይ እዮም" ይብሉ ኣቶ ኣረፋይን።

ሌፋይ ኣረፋይነ ፍስሃዮ መንእሰይ ደባላይ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ ኣብጽሕን ጎራዙን ኣብ እዋን ጥሪ 'ዕቡዲ' እንትርፎ ኣብ ጓይላን ዝላን ኣብ ቤቶም ዝሓድረሉ ግዜ ሳሕቲ'ዩ ነይሩ። ወናም ሌፋይ ኣረፋይነ ድማ ቀላሲ ናይ'ዚ ትልሂታት'ዚ ብምኳን ግርማ የልብስዎ ነበሩ። "ኣነ ዘይሕወሶ ጸወታ ዳርጋ ይፍቶ ኣይነበረን፡ ኩሉ በዓል ውራይ፡ ክኸውን ኣብ ግዜ መርዓ፡ 'ወዲ ፍስሃዮ ኣብ ከምዚ መዓልቲ መርዓ ስለዘሎ ከተጸብቐለይ ሓደራ፡ ከይትቕደመኒ' ስለዝብሉኒ ዕድመ በዚሑኒ ኣብ ዝምቀሎ'ዩ ዝጠፍኣኒ ነይሩ። ኑቲ ዘይሕለፍ ቀዳምነት እናሃብኩ፡ ንገለኡ ሽለል እናበልኩ ድማ ብዘለኒ ዓቕሚ ውራዮም ኣጸቢቐሎም እውዕል" ይብሉ ንሶም።

ከም በዓል ሌፋይ ኣረፋይነ ዝኣመሰሉ ወናማት ሳዕሳዕቲን ወቓዕቲ ከበሮን ዘለውዎ ጓይላ ርኢኻ ኣይጽገበን እዩ። ሓንቲ ካብ ወጻኢ ዝመጸት ፈረንጂ ኣብ ሓደ ዕመር ጓይላ ተረኺባ ቅድሚኡ ርእያቶ ዘይትፈልጥ 'ንኣዳም ገረሞ' ትልሂት ብተመስጦ ትዕዘብ ነበረት ይብሃል። ካብቲ ኩሉ ጸወታ ዝመሰጦ ክልተ ድርብ ከበሮ ዝተሓንገጡ ኣጓብዘ ካብዘን ናብትን እናተወናጨፉን እናዘለሉን ገጾም ብረሃጽ እናተሓጸበ ዝርእዩዎ ጸወታ ስለዘገረማ ድማ "እዞም ወቓዕቲ ከበሮ ክንደይ'ኮን ይኸፈሉ ይኾኑ?" ክትብል ብኣንክሮ ሓተተት ይብሃል። እንተኾነ በዓል በዓር ሌፋይ ኣረፋይነ ዕድመኦም ምሉእ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብወኒን ፍቕሪን ንዕግበቶም እየም ዝጻወቱ ዝነበሩ።

ሌፋይ ኣረፋይነ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ፡ ኣብ 60ታት ኣብ ኤክስፖ ኣብ ዝእንገድ ዝነበረ ባህላዊ ጸወታ ክልተ ግዜ ተዓዲሞም ዝና ዘትረፉ እየም። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ከኣ፡ ኣብ ሓራ ቦታታት ኣብ ኣገደስቲ ጽንብላትን በዓላትን እናተሳተፉ ብክእሎቶም ውራያት የጸብቑን ይማዕርጉን ነበሩ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኑቲ ብመግዛእቲ ተዳኺሙ ዝነበረ ሃገራዊ ባህሊ ኣብ ምብርባር ዘይነኣቕ ተራ ተጻዊቶም። ወዲ 90 ኣብ ዝኾንሉ ግዜ ከይተረፈ ደኺመ ከይበሉ ኣብ ህዝባዊ በዓላትን ኤክስፖን ሓደ ካብ ወናማት ያታውያን ተጻወትቲ ዞባ ደቡብ ኮይኖም ያታዊ ትልሂት ንመጻኢ ትውልዲ ኣብ ምውራስ ልዑል ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ምናልባት እጢ ዕድመኦም ምሉእ ዝሰምዕዎ ጨርጓሕጓሕ ጓይላ - እዚ ዝቖድድ ህርመት ከበሮ ካንደኻዊ ድምጺ መለኸትን ዘስዖቦ ክኸውን ይኽእል ኣብ'ዚ ዳሕራይ እዋን እዚ ክጠልሞም ጀሚሩ እኳ እንተነበረ፡ ዕድመኦም ምስ ምሉእ ጥዕና እዮም ሓሊፎም።

ወናም ሌፋይ ኣረፋይነ ፍስሃዮ፡ ኑቲ ካብ ወላዲኦም ዝቐሰምዎ ያታዊ ባህሊ፡ ንሶም እውን ብግደኦም ንወዶም ፍጹም ኣረፋይነ ከምኡ'ውን ንካልኦት ደቆምን ደቂ ደቆምን ዝኾኑ መናእሰይ ናይቲ ከባቢ እናወረሱ፡ ክሳዕ መወዳእታ ዕድመኦም ሴፍን ዋልታን ካብ ኢዶም ከይፈለዩ፡ ሽራራ ዕጥቆም ከይፈትሑ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ማብል 100 ዓመቶም ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዮም። ታሪኾም ግን ነባሪ እዩ።



ገብረሚካኤል ሃብተኣብ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Backhoe Operator** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Department** | Project |
| **Reporting to:** | **Project Superintendent** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - To provide Project duties such as backhoes that are utilized in excavating, loading and scoping materials with a bucket |
| **Duties:** | - A backhoe operator works with backhoes that are utilized in excavating, loading and scoping materials with a bucket.<br>- The backhoe operator`s duty is to drive and manipulate the bucket of a backhoe to dig and move dirt, sand, gravel, and/or the combination of other materials.<br>- He may also be responsible for operating similar earth-moving or construction equipment as part of his job.<br>- He must ensure that his machine is operated and maintained safely so as not to cause harm to anyone or damage to buildings.<br>- He has the responsibility of maintaining workplace safety since backhoe operators must always follow all safety precautions, which includes wearing protective gear and maintaining active communication with all other crew members that are involved in the construction project.<br>- It is also highly important that a backhoe operator inspects construction sites visually to check for land grading, where a variety of underground utilities are located, and other obstacles that may hinder or affect construction.<br>- He is also responsible for carrying out the maintenance of backhoes by doing daily inspecting and making necessary repairs or cleaning before and after use, as well as performing other light maintenance tasks like filling the backhoe with gas. |
| **Knowledge & Skills Required:** | ▪ High school graduate or equivalent.<br>▪ Minimum 2 years' experience operating excavator in mining, construction, or related operations. |
| **Other skill & abilities** | ▪ Physical fitness, communication skills, and good mechanical skills; attention to detail, and hand-eye-foot coordination. Excellent problem-solving skills and good time management skills.<br>▪ He must also possess a valid driver's license and a clean driving record. |
| **Key Performance Indicators:** | ▪ Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise. |

**Salary: -** According Company's salary scale.

**Place of work**: - Zara Mining Share Company- Zoba - Gash Braka - Sub - Zoba Salea

**Additional Requirement for nationals**: - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having finished registration and duty performing for the National Army and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to **ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea**

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 10 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ተኸሰስቲ: ኣቶ ሳምሶም ተፈሪ ሃብተማርያም፡ ወ/ሮ ሰምሃር ተፈሪ ሃብተማርያም፡ ብኸሳሲ ፕረ/ረዘ ሃብተማርያም ናይ ምቅላት ወርሲ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ መሓመድኑር ኣሕመድ ሳልሕ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ለተንገስ ሓየሎም ሞኣ፡ ብዛዕባ ናይ ገዛ መኪና ሰሌዳ ER-1-B-3527 ቁጽሪ ቻሲ 1NDE12402118734415 ዝኾነት፡ ብመሰረት ውዕል ብዘዘበርናዮ ናብ ስመይ ከተመሓላልፈለይ ስለዘይከኣለት ትጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ቅሳነት ደርጋኣለም በላይ፡ ብዓል ቤተይ ምዕባለ ተወልደ ገ/ሄር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወድና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰሚራ ሃይለ ገብርሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣምባሳጀር ኣብርሃ ማስፍን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተመስገን ፍስሃየ ብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ተመስገን ፍስሃ ለገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ርሓሶት ተስፋማርያም ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ወልደገብርኤል ክፍሉ ተስፋዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ዓብደልዓዚዝ ማሕሙድ ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡ ዓብዱ ማሕሙድ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ ጋንጉ ዓብደላ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ዓብደላ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

የሰፍ ተስፋኣለም ዘርኣጸየን ምባል ተሪፉ፡ ሂናል ተስፋኣለም ዘርኣጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሳምራዊት ሰለሙን ተስፋማርያም ይሕደጎ፡ ኣቦና ሰለሙን ተስፋማርያም ይሕደጎ ስለዝዋረፈ፡ ንሕና 6 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓምድ ዑስማን መሓመድኑር ስሌማን ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን መሓመድኑር ስሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ከምኡ'ውን ዕለት 1/1/1984 ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ዘርኦያስ ዘርኦም ክፍለማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ እሰይ ነጋሲ ወልደእየሱስ፡ ናይ ዋንነት መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

---

### ምልክታ ንወሃንቲ ብርኪ ኤርትራኮ

ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ወሃንቲ ብርኪ ኤርትራኮ ብርካዊ ማሕበር፡ 7 መስከረም 2024 ካብ ሰዓት 8:30 ጀሚሩ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክካየድ መደብ ኣሎ። ኣብዚ ዕለት ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺቡ፡ ዝቕጽል ኣኼባ ዕለት 14 መስከረም 2024 ኣብ ዝተጠቕሰ ሰዓትን ቦታን ብዘተረኸበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ክካየድ ስለዝኾነ፡ ኩሉኹም ወሃንቲ ብርኪ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ኣኼባ ክትርከቡ ንዕድም።

ቦርድ ኤርትራኮ

---

ማሕበርተኛታት ትካል ሰቦርጉማ ማዕድናዊ ማይን ልስሉስ መስተን ናይ ብርኪ ማሕበር፡ ብዕለት 06 ነሓሰ 2023 ኣብ ዘገበርዎ ኣኼባ፡
1.ኣቶ ሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር
2.ኣቶ ማሓመድ ሰዒድ በሽር
3.ወ/ሮ ራሄል ክፍሉ፡ ኣባላት ቦርድ ኮይኖም ተመሪጾም፡
ከምኡ'ውን ብዕለት 15 ነሓሰ 2023 ኣብ ዝተገብረ ናይ ቦርድ ኣባላት ኣኼባ፡
ኣቶ ማሓመድ ሰዒድ በሽር ኣቦ ወንበር ቦርድ፡ ወ/ሮ ራሄል ክፍለ ዋና ጸሓፊት፡
ኣቶ ሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ኣካያዲ ስራሕ ትካል ክኾኑ ተመሪጾም ኣለው።

ትካል ሰቦርጉማ ማዕድናዊ ማይ

---

ኣነ ኣቶ ተስፋየሱስ ተስፋልደት ዳምር ዝተባህልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማይ ተመናይ ከባቢ ዚፕ-ኮድ 1A143 plot 166 ቁጽሪ ፓርሰል ASP00015195 ፓርሰል D ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:006870 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ኦርጂናል ዋንነት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ'ሞ መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ስለዝደለኹ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07124620 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ድማ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ተስፋየሱስ ተስፋልደት ዳምር

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምምሕዳር ከባቢ ገጀረት ፕሎት 103 ፓርሰል "ሲ.1" ጎደና 177-2 ቁ ገዛ 24፣ ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:004090/1 ብስም ለምለም ተድላ እያሱ ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ክፋል ዝኾነ 152 ት/ሜ ኣብ ልዕሊኡ ክልተ መደቀሲ ሓደ ሳሎን ሓደ ክሽነ ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዝሓዘ ንኣቶ ገብርህይወት ዘርኣይ ገ/መስቀል ስለዝሸጥኩሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ከቕርብ፣ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

ለምለም ተድላ እያሱ

---

### ምስጋና



ኣዝዩ ዘኽብሮ ሰወእ ብዓልቤተይ ሲቪል ጂኦሎጂስት ኣቶ ዓወት ፍስሓጽዮን፡ ሓሚሙ ዝተመላለስኩምን ምስ ተሰወአ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዝቐበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና እናተመላለስኩምን ካብ ወሽጢን ደገን ደዊልኩምን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ናጽነት መሓሪ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

---

### ምስጋና



ወድና መንእሰይ የውሃንስ ብርሃ መንገሻ፡ ኣብ መበል 31 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ኣብ ደቡብ ሱዳን ምስ ዓረፈ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ደቡብ ሱዳንን ኣብ ካልኦት ሃገራትን፡ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ብጉልበትኩም፡ ብገንዘብኩም ልዑል ኣበርክቶ ዝገበርኩም፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺብኩም ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ዓድኹሎም ን/ዞባ ሰረጀቃ ኬድኩም ዝቐበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ተመላለስኩም፡ ብተሌፎን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ክብረት ይሃበልና ሕሰም ኣይትርከቡ ይብሉ ኣለው።

ኣቡኡ ተጋዳላይ ብርሃ መንገሻ ሰገድ
ኣዲኡ ወ/ሮ ኑብያት ግርማይ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

---

ብስም ደመቀሽ ገብረኪዳን ተስፋይ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን AS00028208 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና 198-2 ቁ.ገዛ 0 ዝርከብ ናይ ስነ ጽባቐ ጸጉሪ ንወ/ሮ ሰምሃር ገዛኢ ተወልደ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ደንከል ቁ.ገዛ 161 ካብ ዕለት 01/05/2024 ክሳብ ዕለት 30/04/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ደመቀሽ ገብረኪዳን ተስፋይ
ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ገብረመድህን ፍትዊ ተስፋይ

---

# NOTICE

The shareholders of Shell Eritrea Assab Storage Sh.Co. have sold all their shares to the following persons:

1. Libya Oil Holding Ltd.
2. Libya Oil Tchad SA.
3. Libya Oil Ugand Ltd.
4. Tamoil Malindi Eritrea Sh.Co.
5. Mr. Kamel Jarnaz

Accordingly, Article I of the Memorandum of Association of the Company is amended as follows:

| No. | Name | Adress | Nationality | Number of Shares subscribed | Nominal value (Nakfa) |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Libya Oil Holding Ltd. | Mauritius | Mauritius | 130 | 130,000.00 |
| 2 | Libya Oil Tchad SA. | Tchad | Tchad | 2 | 2,000.00 |
| 3 | Libya Oil Uganda Ltd. | Uganda | Uganda | 2 | 2,000.00 |
| 4 | Tamoil Malindi Eritrea Sh.Co. | Eritrea | Eritrea | 2 | 2,000.00 |
| 5 | Mr. Kamel Jarnaz | Libya | Libyan | 2 | 2,000.00 |

Shell Eritrea Assab Storage Sh.Co,

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 112494
www.bishamining.co

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting interested applicants to apply for the following positions for Bisha site project:**

1. **Position: Human Resources Officer**
   **Department: Employee Services**
   **Section: Human Resources (HR)**
   **Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Job responsibilities cover a wide range of areas including being actively involved in employee recruitment, managing the hiring and onboarding process, assisting with, and resolving employee queries related to their employment, managing employee performance, terminations, transfers and promotions and the enforcement of Human Resources policies and procedures.

**Main Functions**

- Administration
- Recruitment
- HR Documentation
- Performance Management
- Terminations
- Reporting
- Promotions and Transfers

**Unique requirements / other information**

- Ability to work in a high pressure, fast paced, multicultural environment which demands various skills and experiences to provide effective human resources services to the organization; the candidate must be Physically and Medically fit.

**Knowledge, Experience and Skills**

| **Qualifications:** |
|---|
| • Essential- Diploma (Human Resources, Management, Psychology, Personel Management) |
| • Desirable- Degree (Human Resources, Management, Psychology, Personel Management) |
| • Desirable- Driving license |
| **Knowledge and Experience:** |
| • Minimum one year's experience in employee administration including hiring, looking after, and terminating employees and minimum one year's experience in using Microsoft Word, Excel, and Outlook in a business environment. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Proficient in HR system, Attention to details, Knowledge of policies, procedures, and processes<br>• Address HR issues, ensure that HR audit requirements are met, Knowledge of current labor legislation, administrative skill, Report writing skills | • Communication (English and local language), Assertiveness, Interpersonal Relations skill, Ability to meet deadlines.<br>• Accuracy, Confidentiality, Integrity/Ethical, Ability to work under pressure.<br>• Friendly, empathetic, and open-minded, with high standards of personal and professional integrity, fairness, and an unbiased approach |

2. **Position: HR Database and System Administrator**
   **Department: Employee Services**
   **Section: Human Resources**
   **Number required: One (01)**

**PRIMARY PURPOSE**

- Data capturing, Data analysis (Data Extraction, Transformation, and Loading); and report writing.

**Main Functions**

- Administration
- Reports
- Filing

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Carry out any other duties or instructions as requested by the incumbent's supervisor or line Manager

**Knowledge, Experience and Skills**

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Degree/ Diploma in Computer Science or applications | • 3 – 5 Years data administration experience<br>• 2 Years Supervisory level experience could be an advantage<br>• Advanced MS Excel experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate; Excel -Advanced)<br>• Accuracy and attention to detail<br>• Knowledge of Policies, Procedures and Processes | • Communication (English and local language)<br>• Confidentiality<br>• Interpersonal relations skill<br>• Supervisory skill<br>• Ability to meet deadlines<br>• Ability to perform under pressure<br>• Innovative thinking |

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirement for Nationals:


- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/ last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.). Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to: -

- Bisha Mining Share Company,
- P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:

1. Aliens Employment permits Affairs,
   P. O. Box 7940
   Asmara, Eritrea.
2. Mineral Resources Management
   P. O. Box 272
   Asmara, Eritrea



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ጽባሕ ክዛዝም እዩ

### "ንደንደን ስዒርና ዋንጫ ክንወስድ ኢና" ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ

### "ንኽብርና እንጻወተሉ እዩ" ኣሰልጣኒ ደንደን

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዘካይዳኦ ጸወታ ናይ 2023-24 ውድድሩ ክዛዘም እዩ።

ቀይሓ ባሕሪ፡ ዝሓለፈ ዓመት ዝሰኣኖ ክብሪ ሻምፕዮን፡ ሎሚ ዓመት ቅድሚ ሰለስተ ግጥማት እያ ኣረጋጊጻቶ። ሎሚ ንቐንዲ መቐናቐንታ ዝኾነት ደንደን ስዒራ ዋንጫ ንምልዓል ከምእትኣቱ ድማ፡ ኣሰልጣኒኣ ገሊጹ።

ዓላሚ እዛ ጋንታ ኤርምያስ ተወልደ፡ "ምድላዋትና ጽቡቕ እዩ ዘሎ። ዋላ'ኳ ሻምፕዮን ምዃንና እንተኣረጋገጽና፡ ናይ ዘይተሳዓርነት ጉዕዞና ክንቕጽሎ ግና ተዳሊና ኣለና። ደንደን፡ ዝለዋ ዓቕሚ ከተውጽእ ክትፍትን እያ። ንሕና ከኣ ስዒርና ፍልልይና ናብ 12 ክብ ኣቢልና ዋንጫ ከምእንወስድ ኢና እንኣምን። መብዛሕትኡ ግዜ ክልቲና ኣብ እንራኸበሉ ሓርፋፍ ጸወታ ስለዝኾነ፡ ጽባሕ ንህዝቢ መሳጢ ጸወታ ከርኢ ንተጻወትትና እላቦ፡" ኢሉ።

ደንደን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንቀይሕ ባሕሪ ብጹብለልታ ሽቶ በሊጻ ሻምፕዮን ኮይና ነይራ። ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2024ን ዋንጫ ናጽነትን ንቀይሕ ባሕሪ ስዒራ ተዓዊታትለን እያ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ግና፡ ናይ ዓሚ ክብራ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። ሽሕ'ኳ ሻምፕዮን ኣይትኹን፡ ንኽብራ ከምእትቃለስ ግና ዓላሚኣ ሳምሶን ሃብተማርያም (ጃለስ) ይዛረብ።

ንሱ፡ "ኣብ ገለ ግጥማት ዘጥፋእናዮ ነጥቢ፡ ጉዳይ ገይሩና እዩ። ቀይሕ ባሕሪ ዓባይ ጋንታ እያ፣ ነኽብራ ድማ ኢና። ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራን ዋንጫ ናጽነትን ስዒርና ጸዋእ ኣልዒልና ኢና። ምስታ ማዕረ ዝወጻእናያ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታ ደማርካ ከኣ፡ ጽባሕ ሰዓብት ንራብዓይ ግዜ ኢና ክንራኸብ፡ ጽቡቕ ጸወታ ኣርኢና ናይ ዝሓለፉ ዓወታትና ዝደገሙ መድረኽ ብምዃና፡ ተዳሊና ኣለና። ብዘይካ ሓለዊ ልዳት ክበርም ሰለሙን ካልኦት ተጻወትትና ደሊዋት ኣለው። ንዓመታ ከኣ ናብ ናይ ቅድም ክብርና ንምምላስ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኢና፡" ኢሉ። ጸወታ እዘን ጋንታታት፡ 3:15 ድ.ቀ እዩ ክካየድ።









**ደንደን - ኢንሹራንስ**

መዛዘሚ ጸወታ ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል'ውን፡ ኣብቲ ዕለት ኣቐዲሙ ደንደንን ኢንሹራንስን ብዘካይዳኦ ጸወታ መጋረጃኡ ክዕጾ እዩ።

ካብ እትምስረት ኣትሒዛ ሻምፕዮን ካብ ምዃን ዘይተዓንቀጸት ደንደን ብ29 ነጥቢ፡ ኢንሹራንስ ከኣ 27 ነጥቢ ሒዘን ኣለዋ። በዚ ከኣ ደንደን ማዕረ'ውን ከዋጽኣ እኽለ፡ ኢንሹራንስ ግና፡ ሻምፕዮን ክትከውን እንተኾይና፡ ክትዕወት ጥራይ እዩ ዘለዋ። ኣብ ክልተ ዓመት ንደንደን ስዒራ ዋንጫ ናጽነት ዘልዓለት ኢንሹራንስ፡ ሎሚ ቡዓዚ ጸወታ ይጽበያ።

ኣሰልጣኒ ኢንሹራንስ መም. ሚካኤል ጠዓመ (ቻርለ) ብዘዕባዚ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ ተጻወትትና ዝኾነ ጸገም የለን። ስነ-ኣእምሮኣዊን ቴክኒካዊን ምሉእ ምድላዋት ገይርና ተዓዊትና ክንወጽእ እዩ መደብና። ደንደን፡ ዋላ'ኳ ብኹሉ ነገር ሓያል ጋንታ እንተኾነት፡ ንሕና'ውን ኣጥሪናዮ ብዘለና ዓቕሚ ብቐዓትና ክንዕወት ኢና፡" ኢሉ።

ዓላሚ ደንደን ረዘነ ብወገኑ "ዓመት ምሉእ ዝተዳለናሉ ውድድር ኣብ መፈጸምታኡ ከሎ ክንጸዕር ኢና። ተጻወትትና ኣብ ጽቡቕ ቁመና ኣለዋ። ኣብዚ እዋን ተዓዊትና ከም እንወጽእ 100 ሚእታዊት ንተኣማመን ኢና፡" ክብል ዝኾነ ከምዘይብሎም ተዛሪቡ። ጸወታ እዘን ጋንታታት፡ 1:30 ድ.ቀ እዩ ክጀምር።

## ኤርትራ፡ ኣብ ውድድራት ፓራሊምፒክ ክትሳተፍ እያ

ኤርትራ፡ካብ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ፓራሊምፒክ ብዝቐረበላ ዕድመ፡ ኣብ ፓሪስ ፓራሊምፒክ ክትሳተፍ እያ።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ንፈለማ ግዜኣ እያ ክትሳተፍ። ኣብዚ ካብ 28 ነሓሰ ክሳብ 8 መስከረም ዝካየድ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ከኣ፡ ኣብ 1500 ሜትሮ ብኣትሌት ስብሓቱ ከሰተ ክትውዳደር እያ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣብቲ ብቕድሚ ትማሊ ንጉጅለ ልኡኽ እዚ ውድድር ኣብ ዝተገብረ ናይ መፋነዊ ስነ ስርዓት ዘስመዐ ቃል፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር ምስታፋ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ምዃኑን ንዝመጽእ እዋን ብዝሓሸ ቁጽሪ ንዝህሉ ተሳታፍነት ባይታ ዘጣጥሕ ኣጋጣሚ ምዃኑን ገሊጹ።





ፕረዚደንት ፓራሊምፒክ ኣቶ ሃይሉ ኣስፍሃ ብወገኑ፡ ኤርትራ ኣብ 2021 ኣባል ኣህጉራዊ ኮሚቴ ፓራሊምፒክ ክትከውን እተሰላሰለ ስራሕ፡ ናብዚ ደረጃ ንምብጻሕ ሓጊዚ ተራ ከምዝነበሮ ጠቒሱ። ካብዚ ውድድር፡ ንምዕባለ'ዚ ዓውዲ ዝሕግዝ ተመክሮ ክቐስም ትጽቢት ከምዝዀነ ድማ ገሊጹ።

ኤርትራ፡ ኣብቲ ካብ 26 ሓምለ ክሳብ 11 ነሓሰ ኣብ ፓሪስ ዝተኻየደ መበል 33 ውድድር ኦሎምፒክ፡ ብቕድድም ብሽክለታ፡ ኣትሌቲክስን ምሕንባስን ምስታፋ ይዝከር።

### በሊንግሃም፡ መጉዳእቲ ገጢምዎ

ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ጁድ በሊንግሃም፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ካብ ጸወታ ክእለ ከምዝኽእል ተሓቢሩ።

በሊንግሃም፡ ትማሊ ዓርቢ እዩ ኣብ እዋን ልምምድ፡ ኣብ የማይቲ እግሩ ናይ ጭዋዳ ጸገም ኣጋጢምዎ - ብመሰረት መግለጺ ጋንታኡ። ብሰንኪ እዚ መጉዳእቲ፡ ኣብ ጽባሕ ሰንበት ጋንታኡ ኣብ ሜዳኣ ንሪያል ቫላዶሊድ ዓዲማ እተካይዶ ጸወታ ዝኸስራ በሊንግሃም፡ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ክጸንሕ ከምዝኽእል እውን ተገሚቱ ኣሎ።

በዚ ከኣ፡ ሃገሩ እንግሊዝ - ኣብ'ቲ ብተኸታታሊ ኣብ 7ን 10ን መስከረም ምስ ኣየርላንድን ፊንላንድን እተካይዶ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ክትከስሮ እያ።

## ብሽክለታ - ተቐዳደምቲ ናይ ስልጠና ዕድል ረኺቦም

ኣብ ናይ ጽርግያ ቅድድም ብሽክለታ 2024 ሻምፕዮን ኤርትራ ዝኾነ ተቐዳደምቲ ኤፍሬም ዘርኣጋብር ካብ ጋንታ ናትና፡ ከምኡ'ውን ድሕሪኡ ዝወጸ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ መዋእል ጊላይ፡ ካብ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ማለት ዩሲኣይ (UCI) ብዝመጽኦም ዕድል፡ ስልጠና ንምውሳድ ትማሊ ዓርቢ ወጋሕታ ናብ ሃገረ ፈረንሳ ኣቕኒዖም።



ብተወሳኺ'ውን እዞም ተቐዳደምቲ ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝካየድ ሻምፕዮን ዓለም ኣብ ናይ ማእከሎት ውድድር ክሳተፉ፡ ብሃገራዊ ፈደረሽንን ኮምሽንን ኤርትራ መደብ ተታሒዙሎም ከምዘሎ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ነገረ ጉንዶጓን . . .

ድሕሪ ሓደ ዓመት ደጊሙ ናብ ማን ሲቲ ዝተመልሰ ኢልካይ ጉንዶጓን፡ ቁጽሪ 19 ማልያ ክለስብ ምኳኑ ጋንታኡ ኣፍሊጣ።

ቅድሚ ዓሚ ጉንዶጓን ዝለብሶ ዝነበረ ማልያ ቁጽሪ 8፡ ኮቫቺች ይለብሶ ምህላዉ ይፍለጥ። ጉንዶጓን፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ንባርሳ ከምዝተጻወተ ይዝከር። ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ተኸፈልቲ ባርሳ ዝነበረ ጉንዶጓን፡ ሃ ጋንታ ፋይናንስያዊ ርጉእነት ምእንቲ ክህልዋ ንምሕጋዝ ኢሉ ከምዝተፋነወ ይዛረብ።

እዛ ጋንታ፡ ሕግታት ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ፍትሓዊ ጸወታ ላ'ሊጋ ኣሲሩዋ ብምህላዉ፡ ዛጊት ካብ ኣርቢ. ሌፕዚግ ዝፈረመቶ ዳኒ ኦልሞ እውን ከም ተጻዋታያ ኣየመዝገበቶን። በዚ ከኣ፡ እዚ 60 ሚልዮን ዩሮ ዝወጽኣሉ እስጳኛዊ፡ ሎሚ ባርሳ ንኣትሌቲኮ በልባኦ ዓዲማ ኣብ እተካይዶ ጸወታ'ውን ኣይክህሉን እዩ።

## ዞባ ማእከል፡ ውድድር ኣትሌቲክስ ግራስ ሩት ቀጺሉ

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝካየድ ዘሎ ውድድር ኣትሌቲክስ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ መዓልታት ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳርባ ዓረር - ዮዲት ግርማይ ካብ ጋሻ ኹሓ፡ ደሊና ሄርኣብ ካብ በሪኽ፡ ሜላት ህንጻ ካብ ጸጸራት ተዓዊተን። ሳሜቦ ጉብረትንሳኤ ካብ ጋሻ ኹሓ፡ ሆሳእና መስፍን ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ናትናኤል ፍጹምብርሃን ካብ ጋሻ ኹሓ ከኣ ብደቂ ተባዕትዮ ተዓዊቶም።

ኣብ ዲስከስ፡ ሀሰእ ተስፉይ - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ሲም ጉብረስላሴን ናትናኤል ፍጹምብርሃንን - ጋሻ ኹሓ ክዕወቱ እንከለዉ፡ ደሊና መብራህቱ - ፓራዳዚ፡ ደሊና ሄርኣብ - በሪኽ፡ ሃና ጉብርህይወት - ጋሻ ኹሓ ተዓዊተን። ኣብ ዳርባ ጭማሪ፡ የናታን ዓንደም - ፓራዳዚ፡ ሲም ጉብረስላሴ - ጋሻ ኹሓ፡ መሓመድ መንሱር - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ከምኡ'ውን ሳቤላ ሚካኤል - ጸጸራት፡ ጸገ መርሁ - ጋሻ ኹሓ፡ ራንያ መሰጠፋ - ኣኽርያ ዕወታት ኮይኖም።

ኣብ ክሊ ዕድመ 16-17 ኣብ ዝተኻየደ ጉያ 400 ሜትሮ፡ ርቢል በራሁ - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ሲም ሙሴ - በሪኽ፡ ኣሰና ወልደማርያም - ሰረጀቓ ብደቂ ተባዕትዮ፡ ሰገን ያቆብ - ጉዳይፍ፡ የሳን መሓሪ - ግዛ ጥንዳ ፊሸን ተወልደ - ማይ ተመናይ ብደቂ ኣንስትዮ ተዓዊተን። ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ ኸኣ፡ ሳምራዊት ክብረት - ሰረጀቓ፡ ኤልሳቤጥ ኪዳነ - ማይ ተመናይ፡ መርኩብ ሰለሙን - ጋሻ ኹሓ ተዓዊተን።

ኣብ ናይ 3000 ሜትሮ፡ ሚካኤል ብርሃነ ኤሰርም ቢንያምን - በሪኽ፡ ተመስገን በርሀ - ጉዳይፍ ክዕወቱ እንከለዉ፡ ልዋም የርዳኖስን መርኩብ ሰለሙንን - ጋሻ ኹሓ፡ ንያት ግርማይ - በሪኽ ጹብለል ኢለን። ኣብ ዕድመ 14ን 15ን ውድድር 1000 ሜትሮ ከኣ፡ ኤልዩድ ፍጹምብርሃን - ግዛ ጥንዱ ሲም ብርሃ - ጉዳይፍ፡ ኢሰርም ተስፉ - ማይተመናይ ክዕወቱ እንከለዉ፡ ካፍሪ ተኽለማርያም - ዕዲጋ ሓሙስ፡ ሃና ሃብቶምን ቅሳነት ኣስፍሃን - ጉዳይፍ ተዓዊተን። እዚ ውድድር፡ ሰንበት 25 ነሓሰ ክዛዘም'ዩ።

## መሪኖ፡ ናብ ኣርሰናል ተጸምቢሩ

ኣከፋፋሊ እስጳኛዊት ክለብ ሪያል ሶሴዳድ ሚከል መሪኖ፡ ሓዲሽ ተጻዋታይ ኣርሰናል ንምዃን ዘኽእሎ ውዕል ንምፍራም፡ ትማሊ ከተማ ለንደን ኣትዩ።

ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ድሕሪ ዘርኣዮ ብቕዓት ኣብ ዓይኒ ኣርሰናል ዝኣተወ መሪኖ፡ ብ32.6 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ግዒዙ ዘሎ። ክሳብ ሰነ 2028 ዘጸንሖ ውዕል ምፍራሙ'ውን ይሕበር። እዚ ውዕል፡ ብሓንቲ ዓመት ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዘለዎ እዩ።

ኣብ 2017-18 ንሓንቲ ወቕቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ኒውካስል ዝተጻወተ መሪኖ፡ ኣብ ማእከል ምክፋል ዝሰለፍ ብምዃኑ፡ ንኣርቴታት ተወሳኺ ኣማራጺ ክፈጥረሉ እዩ። መሪኖ፡ ኣብዚ ማእከላይ መስመር፡ ቦታኡ ንምውሓስ ምስ ራይስ፡ ጆርጂኖ፡ ፓርተይን ኦደጋርድን ክቃለስ እዩ። ኣርሰናል፡ ኣቐዲማ ኣብዛ ክረምቲ ንሪካርዶ ካላፊዮሪን ዳቪድ ራያን (ዓሚ ብልቓሕ ድሕሪ ምጽዋቱ ብቐዋሚ ኣፈሪምትቶ ዘላ) ከምዘወደኣትሎም ይዝከር።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል

ኣብ ካምፖ ቺቸሮ

ገጀረት - ደንደን 8:00 ቅ.ቀ

ሓይሊ ኣየር - ፓራዳዛ 10:00 ቅ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ብራይተን - ማን ዩናይትድ 2:30 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ኤቨርተን 5:00 ድ.ቀ

ክሪስታል ፓላስ - ዌስት ሃም 5:00 ድ.ቀ

ሳውሃምፕተን - ኖቲንግሃም 5:00 ድ.ቀ

ፉልሃም - ሌስተር ሲቲ 5:00 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ኢፕስዊች ታውን 5:00 ድ.ቀ

ኣስቶን ቪላ - ኣርሰናል 7:30 ምሸት

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ኣትሌቲኮ በልባኦ 8:00 ምሸት

**ሰሪ'ኣ**

ፓርማ ካልሸየ - ኤሲ ሚላን 7:30 ምሸት

ኢንተር ሚላን - ለቸ 9:45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ቀይሕ-ባሕሪ - መጥቃዕቲ ዘጋጠማ ናይ ነዳዲ መርከብ ብኸላ ከይተስዕብ ተሰጊኡ

ነዳዲ ጸዒና ብቐይሕ ባሕሪ ትጓዓዝ ዝነበረት ዋንኡ ግሪኽ ዝኾነት መርከብ፡ ካብ የመናውያን ዕጡቓት ሓዊ ብዝተፈነወላ መጥቃዕቲ ከቢድ ሓደጋ ባርዕ ኣጋጢሙዋ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣብታ መርከብ ዝነበሩ 25 ሰራሕተኛታት ክድሕኑ'ኳ እንተኸኣሉ፡ ጸዒናቶ ዘላ ነዳዲ ግን ናብቲ ባሕሪ ልሒኹ ከቢድ ከባብያዊ ሓደጋ ከየስዕብ ተሰጊኡ ከምዘሎ ይሕብር ኣሎ።

እታ 'ኤም-ቪ ሶኦን' ዝተሰምየት ናይ ጸዕኒ መርከብ፡ ካብ ወደብ ሑደይዳ



ኣስታት 140 ኪሎሜተር ንምዕራብ ርሒቓ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ኣብ ክልተ ጀላቡ ዝተጻዕኑ ዕጡቓት ሓዊ መጺኦም ከምዝጠቕዑዋ፡ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ይገልጻ።

እታ መርከብ በቲ ዝወረዳ መጥቃዕቲ ሞተራ ካብ ስራሕ ወጺኡ፡ ስለዝኾነ፡ ብማዕበል ባሕሪ ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት እናተደፍአት ኣብቲ ባሕሪ ከተንሳፍፍ ከምእተራእየት፡ እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን የረድኣ።

ብመሰረት ሮይተርስ፡ እታ ትነድድ ዘላ መርከብ፡ ኣብ ግንኣ 150 ሽሕ ቶን ዝዕቀኑ ነዳዲ ጸዒና ኣላ።

ኣብ ከተማ ኣቴንስ - ቱርኪ ዝመደበሩ ኩባንያ 'ደልታ ታንከር'፡ ቅድሚ ሕጂውን ክልተ ናይ ጸዕኒ መራኽቡ ብመስመር ቀይሕ ባሕሪ እናሓለፋ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ኣጋጢሙወን ከምዝነበረ እዩ ዝገልጽ።

## ህንዲ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ባንግላደሽ ዝተፈጥረ ዕልቕልቕ ከምዘይኮነት ገሊጻ

መንግስቲ ህንዲ፡ ሃገሩ ኣብ'ቲ ኣብ ባንግላደሽ ተኸሲቱ ዘሎ ከቢድ ሓደጋ ዕልቕልቕ ማይ - ዝኾነ ተራ ከምዘይብላ ብምግላጽ፡ ነቲ ካብ'ታ ጎረቤት ሃገር ዝመጽአ ክሲ ኣጊጉ።

እቲ መንግስቲ ዝ. ዝገልጾ ዘሎ፡ ባንግላደሽ በቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ - ሚልዮናት ዜጋታታ ዘፈናቐለ ከቢድ ሓደጋ ዕልቕልቕ ተሓታቲት ህንዲ ምዃና ድሕሪ ምግላጻ እዩ።

ኣማኻሪ ግዚያዊ መንግስቲ ባንግላደሽ መሓመድ ናሂድ ኢስላም ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዘሰምዖ መግለጺ፡ መንግስቲ ህንዲ እቲ ናብ ባንግላደሽ ኣብ ዝፈስስ ፈለግ ጉምቲ ዝርከብ 'ዳምቡር' ዝተባህለ ዒቢ ሓጽቢ መተንፈሲኡ ክኸፈት ብዘንደዶ ከምዘወሰ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ነቲ ሳዕቤኑ ባንግላደሽ በቲ ካብቲ ሓጽቢ ዝመንጨወ ብርቱዕ ውሑጅ ከምዝዕለቕለቐት ኣረዲኡ።

በዚ ድማ መንግስቲ ህንዲ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ባንግላደሽ ወሪዱ ዘሎ ሓደጋ ምሉእ ሓላፍነት ክስከም ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ንሱ ዝ. ዝገለጾ ኣብ ሓያለ ዩኒቨርሲቲታት ባንግላደሽ ዝመሃሩ ኣሽሓት ተማሃሮ፡ እቲ ዕልቕል ብሰንኪ ጌጋ ውሳነ ህንዲ ከምዝተሰዓበ ብምግላጽ፡ ኣብ መንጎ ሃገሮም ህንዲን ርትዓዊ ምቕርሓ ናይ ማይ ክህሉ ዝጠልብ ሰላማዊ ሰልፊ ድሕሪ ምክያዶም እዩ።

እንተኾነ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ እቲ ክሲ ኣብ ቅኑዕ ሓበሬታ መሰረት ዘይገበረ ግጉይ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ካብ ዶብ ልዕሊ 120 ኪ.ሚ ርሒቑ ዘሎ ሓጽቢ ንባንግላደሽ ዕልቕልቕ ክፈጥረላ ከምዘይክእል መብርሂ ሂቡሉ።



እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቲ ፈለግ ኣብዞን ዝሓለፋ መዓልታት ብሰንኪ ብርቱዕ ዝናብ ልዕሊ ዓቐን ስለዝመልአ፡ ኣብ ባንግላደሽ ሓደጋ ዕልቕልቕ ክፈጥር ከምዝኸኣለ ኣገንዚቡ።

ንዋሕ ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ሸኽ ሓሲና፡ ቅድሚ ገለ መዓልታት ብዘጋጠማ ህዝባዊ ናዕቢ ሃዲማ ኣብ ህንዲ ድሕሪ ምዕቋባ፡ ዝምድና ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ተሓላሊኹ ከምዘሎ እያም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

## ኣመሪካ - ንዶናልድ ትራምፕ ብሞት ዘፈራርሐ ሰብኣይ ተታሒዙ


ሰቡመዚ ጸጥታ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ዶናልድ ትራምፕ ናይ ሞት ሰጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ደጋጊሙ ከፈራርሐ ንዝጸንሐ ሰብኣይ - ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተውዎ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር፡ ትራምፕ ብዶብ መከሰኮ ንዝኣትዉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ሐዙዎ ዘሎ ፖሊሲ፡ ምስ ህዝቢ ንኸፋልጥ ኢሉ ዝሓለፈ ሓሙስ ናብ ክፍሉ-ሃገር ኣሪዞና ድሕሪ ምኻዱ እዩ - እቲ ጥርጡር ክተሓዝ ክኢሉ።

እቲ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ዘሎ ነባሪ ኣሪዞና ዝኾነ - ሮናልድ ሊ ሲቨረድ ዝተባህለ ወዲ 66 ዓመት ጥርጡር፡ ቅድሚ ሕጂውን ብኤለክትሮኒካዊ መሰተ ተሰኪፉ መኪና ክመርሕ ብምጽንሑ ኣብ ቤት-ፍርዲ ክቐርብ ንዝተዋህቦ መጸዋዕታ ብምንጻጉ፡ ከምኡ ድማ ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ጾታዊ ገበን ፈጺሙ ብሕጊ ዝተቐጽዐ ሰብ ምዃኑ ኣብቲ ዝነበረሉ ኣድራሻ ንዘምልክቶ ኣካል ብዘይምሕባሩ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣቱ ትእዛዝ ተመሓላሊፉሉ ከምዝጸንሐ ይሕብር።

ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝሓለፈ 13 ሓምለ ኣብ ፐንሲልቬኒያ 'ምረጹኒ' ዝብል ጉሰጓስ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ካብ ሓደ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ህንጻ ዝደየበ ዕጡቕ ብዝተተኩሰሉ ጥይት እዝኑ ተሃሪሙ ምንባሩ ይዝከር።

በቲ መጥቃዕቲ ሓደ ሰብ ክቕተል እንከሎ፡ ካልኦት ክልተ ሰባት ድማ ብኸቢድ ከምዝቖሰሉ፡ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ዜና የመልክቱ።




ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብቲ ድሕሪ 73 መዓልታት ዝካየድ ፕ ረ ዚ ደ ን ታ ዊ ምርጫ ኣመሪካ ንኽወዳደር ብሰልፊ ሪፓብሊካን ተሓጺዩ ከምዘሎ ይፍለጥ።

## ቦትስዋና - ኣብ ዓለም ካልኣይ ዝዓበየ ኣልማዝ ተረኺቡ

ኣብ ቦትስዋና ኣብ ንጥፈታት ዕደና ክቡራት ማዕድናት ተዋፊሩ ዝርከብ ሉካራ ዝተባህለ ካናዳዊ ኩባንያ ዕደና፡ 2492 ካራት ዝለዎ - ኣብ ዓለም ካልኣይ ዝዓበየ ኣልማዝ ከምዝረኸበ ሓቢሩ።

እቲ ኩባንያ፡ ነቲ ኣልማዝ ካብ ከተማ ጋቦሮን - ርእሰከተማ ቦትስዋና ኣስታት 500 ኪ.ሜተር ንሸነኽ ሰሜን ርሒቑ ኣብ ዝርከብ መዐደኒ ቦታ'ዩ ረኺቡዎ።

ኣብ 2019 ኣብ ቦትስዋና ዝተረኽበ 1758 ካራት ዝለዎ ኣልማዝ፡ ኣብታ ሃገር ብዕብዩ ካብ ዝተረኽቡ ኣልማዝ እቲ ዝዓበየ ኮይኑ'ዩ ተመዝጊቡ ጸኒሑ።

ቅድሚ 120 ዓመታት - ማለት ብ1905 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተረኽበ 3106 ካራት ዝለዎ ኣልማዝ ከኣ፡ ብደረጃ ዓለም እቲ ዝዓበየ ብሱብ ዝተረኽበ ኣልማዝ ተባሂሉ ተመዝጊቡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ትሽዓተ ዝተቖራረጸ ኣልማዝ፡ ሙብዛሕትኡ ክፋሉ ኣብቲ ኣብ ብሪጣንያ ዝርከብ ኣኽሊል ንጉሠ ከምዝሎ ይሕብር።

ቦትስዋና ሓንቲ ካብ'ተን ኣልማዝ ብብዝሒ ዝዕደና ሃገራት ዓለም ኮይና፡ 20% ካብቲ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ዘሎ ኣልማዝ ካብዛ ሃገር ዝተዓደነ ምዃኑ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዋጋ ናይዚ ኣብ ቦትስዋና ተረኺቡ ዘሎ ሓድሽ ኣልማዝ ክንደይ ከምዝበጽሕ ኣይተገልጸን ዘሎ።

እንተኾነ፡ ምስቲ ኩባንያ ቅርበት ዘለዎም ክኢላታት ከምዝሕብሩዎ ዘለው፡ እቲ ኣልማዝ ኣብ ዕዳጋ ብውሑዱ 40 ሚልዮን ዶላር ክወጽእ ትጽቢት ኣሎ።

ኣብ 2016 ኣብታ ሃገር ዝተረኽበ 1109 ካራት ዝለዎ ኣልማዝ፡ ብ53 ሚልዮን ዶላር ንሓደ ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ትካል ከምእተሸጠ፡ ሰነዳት ዕደና ቦትስዋና ይሕብሩ።



## ዛምቢያ - 400 ኣኽላባት ዝቐተለ ምሩዝ ዕፉን ጥዕናዊ ስግኣት ፈጢሩ

ኣብ ዛምቢያ፡ 400 ኣኽላባት ዝተመረዘ ወጽኢት ዕፉን ተመጊቦም ድሕሪ ሙማቶም፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ጥዕና ዜጋታት እታ ሃገር እውን ተመሳሳሊ ሓደጋ ከየኸትል ተሰጊኡ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሚኒስተር ጥዕና'ታ ሃገር ኢሊጃህ ሙቺማ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ ትካላት ጡሕና ዝተወስደ 25 ቅምሶ ሓርጭ ዕፉን መርመራ ምስ ተኻየደሉ፡ መብዛሕትኡ ልዑል ዓቐን ናይ 'ኣፍላቶክሲንስ' (aflatoxins) ዝተባህለ መርዛም ቀመማዊ ባእታ ከምዝጸንሖ ኣረዲኡ።

እቲ መርዛም ባእታ ካብ ፋንጋስ ወይ ዝጸሰወ ዕፉን ከምዝመንጨወ ዝሓበረ እቲ በዓልስልጣን፡ ኣብ'ቶም ከይፈለጡ ተመጊቦሞ ክኾኑ ዝኽእሉ ዜጋታት ጥዕናዊ ሓደጋ ከየኸትል ኣስጊኡዎም ከምዘሎ'ውን ገሊጹ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ብወገኑ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ኣፍላቶክሲንስ ናብ ኣካላት ሰብ ምስ ዝኣቱ፡ ናይ ጸላም ከብዲ መንሽሮ ከምዘስዕብ መጽናዕታዊ መርትዖታት ከምዘሎ ሓቢሩ።



ሰቡመዚ ዛምቢያ፡ ድሕሪ ርኽበት ናይቲ መርዛም ባእታ ኣብ ሓርጭ ዕፉን፡ ኣብ'ቶም ዕፉን ናብ ዕዳጋ ዘቕርቡ ነጋዶ'ታ ሃገር መርመራ ክካየዱ ጀሚሮም ከምዘለው፡ ምንጪታት ዜና የመልክቱ።

ዕፉን፡ ዕለታዊ መግቢ ዝበዝሑ ዜጋታት ዛምቢያ ከምዝኾነ፡ ጸብጻባት'ታ ሃገር ይሕብሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣኽሪያ | 24/08/2024 | ጎደና ሸርኢት - 135፡ ኣኽሪያ | 08370238 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565